# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.175 ሰሉስ 24 መጋቢት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

ባህረያዊ ጸዓት ንእስነት

ገጽ 4
ኦቲዝም እንታይ እዩ፧



ገጽ 5
"መንእሰያትና ታሪኽም ብግቡእ..


ገጽ 11
ሃገራዊ ውድድር ቅድድም ...


## ቀዳማይ ፈስቲቫል ፊልም ኣስመራ ተኸፊቱ

ቀዳማይ ፈስቲቫል ፊልም ኣስመራ፡ "ንትንሳኤ ጥበብ ፊልም ኤርትራ" ብዝብል ቴማ፡ ብ 21 መጋቢት ኣብ ኣስመራ - ሲነማ ሮማ ተኸፊቱ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ሰብ-መዚ መንግስቲ ከምኡ'ውን ስነ-ጥበበኛታት ዝተረኽብዎ ስነ-ስርዓት፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እዚ ኣብ ኣስመራ ዝካየድ ፈስቲቫል ከም መጀመርን ተመክሮ መደለብን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ኣብ መላእ ሃገር ንምኽያዱን ሃገራዊ ፊልም ፈስቲቫል ኤርትራ ንምድላውን፡ ከጽኡ ድማ ኣህጉራዊ ፊልም ፈስቲቫል ኤርትራ ንምስንዳእ፡ ናይ ቀረባን ርሑቕን መደባት ከምዘለዎ ኣብሪሁ።



ፊልም፡ ከም ኣካል ስነ-ጥበብ፡ ባህላዊ ንቕሓት ሕብረተሰብ ንኽብርኽ ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ዘመደ፡ ታሪኽካን ባህልኻን ንምፍላጥ፡ ብመንነትካ ንምኹራዕ፡ ከምኡ'ውን ሓድነት ሕብረተሰብ ንምድልዳል ዝሕግዝ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ኩተንብዮ እትኽእል፡ እትመሃረሉን እትዘናገዓሉን መጽሓፍ'ዩ ክበሃል ከምዝከኣል ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዓውዲ ፊልም ዝጽበዩና ዘለዉ ዕማም ገዚፍ ምዃኑ ብምብራህ፡ ራኢና ምዕባለ ፊልም ሃገርና ምዕሩይ ኩይኑ፡ ብሸለን ቋንቋታት ሃገርና፡ ብዓይነቶምን ብዘሓምን ዝልለዩ፣ ንሕብረተሰብ ምሉእ ኣገልግሎት ሂቦም ንትጽቢቱ ዘርውዩ ንክኾኑ፡ ሓባራዊ ጻዕሪ ከምዝድሊ ኣስሚሩሉ።

ኣቦ-መንበር ኣካያዲት ኮሚተ ቀዳማይ ፈስቲቫል ፊልም ኣስመራ ኣቶ ሞሃድ



ስእሊ-ሳሚኤል ንጉሰ

ሱሌማን ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ካብ 21 ክሳብ 29 መጋቢት ዝካየድ መደብ፡ ሃገራዊ፡ ማሕበራዊ፡ ትምህርታውን ፍቕራውን ትሕዝቶ ዘለዎ ልዕሊ 50 መበቁላዊ ፊልምታት ሃገርና፡ ኣብ ሲነማታት ኣስመራ፡ ሓማሴን፡ ሮማን ኢምፐርዮን ከምዝቐርብ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ታሪኽ ፊልም ኤርትራ፡ ዓለማዊ ኢንዱስትሪ ፊልም፡ ኩነታት ኢንዱስትሪ ፊልም ኣብ'ዚ እዋን፡ መጻኢ ኣመት ፊልምታትናን ክኸውኖ ዝግብኦን ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት፡ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ከምዝቐርብ ኣነጺሩ።

## ዓለማዊ መዓልቲ ማይ ተዘኪሩ

22 መጋቢት - ዓለማዊ መዓልቲ ማይ፡ ብደረጃ ሃገር "ኣቕርቦት ማይ ማዕርነት የዕቢ" ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ 23 መጋቢት ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ።

ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ገጠራት ናይ'ተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ብሰንኪ ዘይፍትሓዊ ማሕበራዊ ልምድታት፡ ደቂኣንስትዮን ህጻናትን ከቢድ ጾር ምውራድ ማይ ኣብ ዝባኖም ከምዝኾኑ፣ እዚ ድማ ኣብ ጥዕናኦም ብቐሊል ዘይጥመት ሳዕቤናት ከምዘኸትል ብምጥቃስ፡ ኣብ ገጠራት ኤርትራ ዘሎ ኩነታት'ውን ካብ'ዚ ዝፍለ ከምዘይኮነ ኣነጺሩ።

ሚኒስተር ተስፋይ ወሲኹ፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ'ቲ ኣብ መሰልን ምዕሩይነትን ዝተሰረተ ስትራተጂ ምሕደራ ማይ ተበጊሱ፡ ነቲ ጸገም ብምፍታሕ ቀረብ ጽሬቱ ዝተሓለወ ውሑስ ማይ ንምርግጋጽ ቀጻሊ ጻዕሪ የካይድን ዘተባብዕ ውጽኢት ይርከቦን ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ምውራድ ማይ ንደቂኣንስትዮ ጥራይ ዝምልከት ገይርካ ምውሳድ ሃሳዩ ልምዲ ብምዃኑ፡ ክውገድ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ምኽትል ወኪል ማዕከን ህጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት - ዩኒሴፍ ኣብ ኤርትራ ሚስተር ሓሰን ባልካዲ



ብወገኑ፡ "ኣቕርቦት ማይ ማዕርነት የዕቢ" ዝብል ቴማ፡ ንጽኑዕ መብጽዓ ኤርትራ ንምዕሩይ ልምዓት ዘንጸባርቕ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ቀረብ ጽሩይን ውሑስን ማይ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል ጥራይ ዘይኮነ፡ መሰረት ጥዕና፡ ፍርያምነትን ማሕበራዊ ገስጋስን ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሃብቲ ማይ ኣቶ መብራህቱ ኢያሱ ብወገኑ፡ ኣብ ሃገርና ኣብ ቀረብ ማይን ጽሬትን ገስጋስ ይርአ'ኳ እንተሎ፡ ምስካም ሓላፍነት ግና ዛጊት ስለዘይተመዓራረየ፡ እቲ ጾር ገና ካብ ዝጠን ደቂኣንስትዮ ከምዘይወረደ ብምግላጽ፡ ለውጢ ንምምጻእ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ንመሰላት ደቂኣንስትዮ ኣብ ግምት ዘእተወ ፍታሕ ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።



ስእሊ-ኣክሊሉ ዘርእዝጊ

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ተራን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ ምውሓስ ተጻዋሪ ክሊማ ኣብ ቀረብ ማይን ምሕደራ ስርዓተ ቀረብ ማይን፣ ማይን ጾታዊ ማዕርነትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ቀረብ ውሑስ ማይ ንስትዮ፡ ጽሬትን ንጽህናን ዘተኩረ ክልተ ሰነዳዊ ፊልምታትን ክልተ መጽናዕታዊ ወረቓቕትን ቀሪቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብዝባኣም ኣብ ምሕደራ ማይን ጽሬትን ካብ ውጥን ክሳብ ኣገልግሎቱን ቀጻልነቱን ንምውሓስ ኣብ ዝሰላሰል ስራሕ ልዑል ኣበርክቶ ንዘገበሩ ኣብከታውያን፡ ሽልማትን ወረቐት ምስክርን ተዓዲሉ።

ዓለማዊ መዓልቲ ማይ፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 34 ግዜኣ ተዘኪሩ።

### ሓበሬታ

ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ ካብ ረቡዕ 25/03/2026 ክሳብ ቀዳም 28/03/2026፡ ወፍሪ ናይ ሓበላ ዓይኒ መጥባሕቲ ክካየድ ስለዝኾነ፡ ኩሉኹም ቈጸራ ዝተዋህበኩም ማለት ብተሌፎን ክትጽወዑ ኢኹም ዝተበሃልኩም፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ኣብ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ ክትርከቡ ንሕብር።

ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ

ዜና

# ዓዲተከሌዛን - መኽዘን ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ጸገማት ሓረስቶት ይፈትሕ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን ዝተዋደደ መኽዘን ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ሓረስቶት ብቐረባ ምሩጽ ዘርኢ ክረኽቡ ምቹእ ኩነታት ከምዝፈጠረ ተገሊጹ።

ሓላፊ ኣሃዱ ኣስምልትን ፍረታትን ኣቶ ከሰተ ጎይትኦም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቲ ዞባ መኽዘን ዘርኢ ድንሽ ብዘይምጃንሉ፡ ሓረስቶት ካብ ዞባታት ደቡብን ማእከልን ከምጽኡ ምጽንሖም ብምሕባር፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ምስ ምውዳድ መኽዘን ኣብ ዓዲተከሌዛን፡ እቲ ጸገም ከምእተፈትሐ ኣብሪሁ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ ምሩጽ ዘርኢ ኣብዚሑ ንሓረስቶት ብምዕዳል ምህርቲ ሕርሻ ንምዕባይ ይሰርሕ ከምዘሎ ዝጠቐሰ ኣቶ ከሰተ፡ ኣብ ዞባታት ዓንሰባ፡ ደቡብን ማእከልን ንድንሽ ምቹእ ኩነታት ኣየር ዘለዎ ከባቢታት ብምልላይ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ከምዝባዝሕ ብምሕባር፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ገሉብ ዝተገብረ ፈተነ ጽቡቕ ውጽኢት ከምእተረኽበ ኣረዲኡ።

እቲ ዝተባዝሐ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ድሮ ብክኢላታት ብዝተገብረሉ ምክትታል ብቐዓቱ ተረጋጊጹ፡ ናብ ዝተመደቡሉ መኸዚኖታት ከምእተኣከበውን ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላ ምሩጽ ዘርኢ ኣቶ ተወልደ ኣሮን ብወገኑ፡ በዚ ዝግበር ዘሎ ዘርኢ ድንሽ ናይ ምብዛሕ መስርሕ፡ ብደረጃ ሃገር ካብ ደገ ዝኣቱ 540 ኩንታል ዘርኢ ኣብ'ዚ እዋን ናብ ኣስታት 8 ሽሕ ኩንታል ክዐቢ ክኢሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝገብሮ ዘሎ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ናይ ምዕቃብ መደብ፡ ብዝበለጸ ክቕጽሎ ተላብዮም።


ስእሊ:- ማቴዎስ ተኽለማርያም

# ዓዲቐይሕ - ቁጽጽርን ሓለዋን ሃብቲ ገረብ ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ብዝግበር ዘሎ ዕቱብ ቁጽጽርን ዝወሰድ ዘሎ ስጉምትን፡ ማሕቆላዊ ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘጉዱምን ናብ ንቡር ይምለሱ ከምዘለዉ ተገሊጹ።

ሓላፊ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘጉዱምን ኣቶ ኣሕመዲን እስማዒል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሳላ ዝተገብረ ዘሎ ጽንኩር ሓለዋ፡ መጠን ብርሰት ብልዕሊ 90 ሚእታዊት ከምዝጎደለ ገሊጹ።

ኣብ ኾቾጣታት ካብቶ፡ ሰበራሶ፡ ሕሸመሉ፡ ደርዓ፡ እምባይቶን ዓዲቐይሕን ኣብ ሓለዋ ዝተዋፈረ እኹል ዓቕሚ-ሰብ ስለዘሎ፡ ዘርኢ ዝበረረ ምቁራጽ ዕጽዋትን ምፍላምን ኣዝዩ ከምዝጎደለ ዝገለጸ ኣቶ ኣሕመዲን፡ ንቑሕ ተራ ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ከምዝነበረ ኣብሪሁ።

ሳዕቤናት ምብራስ ኣግራብ ኣብ ህዝቢ ንምስራጽ፡ ኣብ 2025 ኣብ 21 ምምሕዳራት ከባቢ ኣኼባት ከምእተኻየደ ጠቒሱ ድማ፡ ምዕቃብ ሃብቲ ገረብ ንኣመሓይርትን ኣብ ቁጽጽር ንዝተዋፈሩ ኣካላትን ጥራይ ዝግደፍ ስለዘይኮነ፡ ሕብረተሰብ ምቁጽጻሩ ኩሉ ሓይሉ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ኣሕመዲን፡ ኣብ ዝሓለፈ 2025 ኣብ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ብርሰት ኣግራብ ኣብ ልዕሊ ዝተሳተፉ ወገናት፡ ሕጋውን ኣራምን ስጉምቲ ከም እተወሰደ ሓቢሩ።

ኣብል ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘጉዱምን መንእሰይ ሃብቶም ብርሃነ ብወገኑ፡ ገረብ እንተሎ ኣከባቢ ብሓፈሻ ስለዝረግእ፡ ምትሕብባር ኣመሓደርትን ህዝብን ብዝለዓለ ክሕይል ኣተሓሳሰበ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡05 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | መኣዝን ልምዓት |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡40 | ለሰ ስፖርት |
| 15፡10 | ዶክመንታሪ |
| 15፡55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16፡20 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡15 | ዳህሳስና |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ድግማ) |
| 18፡30 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 19፡15 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡15 | መደብ ዋልታ |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | እንዳ ዝማም |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡10 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኢትዮጵያ፣ ነግራም ኣጀንዳ ዞባዊ ዘይምርግጋእ

ስርዓት ብልጽግና ናይ ኢትዮጵያ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ንኤርትራን ዝሰፍሐ ክፋል ናይዚ ዞባን ብኩናት ንምሕማስ ሓሳፍንት ዝኸደሉ፡ መርዛምን ኣግራምን ዛዕባ ኣልዒሉ ይወሳወስ ኣሎ። እዚ ተጻባእን ተኾታታ'ትን ኣጀንዳ፡ ብስም 'ናይ ሃላወ' ሕቶ እዩ ዝመሳመስ ዘሎ። እቲ ስርዓት፡ "ኣፍደገ ባሕሪ ንልኡላውነትና ኣገዳሲ እዩ" እናበለ ብቐጻሊ ኪጋውሕ ይስማዕ ኣሎ። ዚ መደናገርን መርዛምን ኣጀንዳ፡ ኣብ መሰረት ኣልቦ ትረኻ ተመርኲሱ'ም ብዘይ ዕረፍቲ ይደጋግሞ ኣለው። ንትረኻኡ'ም ንምድማቕ ኒቲ ብዝተዋገዲ እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ብዙሓት ህዝቢ ኢትዮጵያ ኒቲ ኣብ ባይታ ዘየለ ቀንጠበዊ ዕብየት ዝበሉዎን ከም መመኽነይታ ካብ ምልዓል ኣይተቖጠቡን። እቲ ኩሉ ሃለውለው ዝበሉዎ ዘለዉ ጉዳያት ድማ፡ ምስ መሰረታውያን ኣዕኑድ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝቃዶ ኣይኮነን።

ላዕለዎት ሹማምንቲ፡ ምሁራትን ጋዜጠኛታትን ናይታ ሃገር ብቐለዕን ብኣተወሳሰደን ኣገባብ ኣብ መድረኽ መራኸቢ ብዙሓንን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ተኾተኾቲ ትረኻታት ኣብ ምጽዋይ ተጸሚዶም ይርከቡ። የግዳስ እዚ ማስፋሕፋሒ ፖሊሲ ስርዓት ብልጽግና፡ ብትሕዝቶን ብኣተናን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምንጪ ቅልውላውን ዘይምርግጋእን ካብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ዘምጽኦ ፋይዳ የብሉን።

እቲ ኣጀንዳ ኮነ ተባዚሉ ብጉዳማውያን መሓውራት ርግኣትን ጸጥታን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምዝራግ ዝተደፍአ ምዃኑ ዘረጋግጹ ጭብጣት መረዳእታታት ኣለዉ። እዞም ኣብ ታሕቲ ተጸሚቖም ብቕደም ተኸተል ቀሪቦም ዘለዉ ፍጻመታት፡ ንደረትን ዕቡዳንን ናይ ብልጽግና ኣጀንዳ 'ናብ እኖ ሃገር ምምላስ' ዘኩልሑ እዮም፦

- ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ብ13 ጥቅምቲ 2023፡ ኣብ ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ዘቕረቦ ተኾታታ'ትን ትርክ ምርኽን መደረ፡ 'ብዘኾነ መንገዲ ኣፍደገ ባሕሪ ምርካብ፡ 'ኢትዮጵያ ሕደርቲ ጆኦግራፍ ኮይና ኣይትነብርን እያ' ብዝበሉ ቃላት ማስፋሕፋሒ ፖሊሲኡ ኣግሂዱዎ።

- ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ብ22 ለካቲት 2026 ኣብ ሃዋሳ ኣብ ዝተኻየደ ስነ ስርዓት መመረቕታ ፍሉያት ሓይልታት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ኣብ ባይታ ብዋዕበ ዘየለ - ኣብ ኣእምሮኡ ጥራሕ ዝቐረጾ ሓይሊ ባሕሪ ሃገሩ፡ ጸጥታ ናይቲ ካብ ጫፍ ሶማልያ ክሳብ ምጽዋዕ ዝዘርጋሕ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ከውሕስ ምዃኑ ገሊጹ። እቲ ክጽቀጠሉን ክሰመረሉን ዘለዎ ሓቂ ግን፡ ምሕደራን ጸጥታን ቀይሕ ባሕሪ ነተን ዝዋወባኣ ሃገራት ጥራሕ ዝምልከት ምዃኑ እዩ።

- ካብዚ ከይወጻእና፡ እቲ ኢትዮጵያ ኣብ ጥሪ 2024 ምስ ሶማሊላንድ ኣብ ትሕቲ ዘይግሉጽ ኩነታት ዝኸተመቶ ናይ ምርድዳእ ማዕከር እውን፡ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝርከባ ጎረባብቲ ሃገራት ብቐሊዕ ዝሃሰሰ ተመሳሳሊ ኣብነት እዩ።

- ስርዓት ብልጽግና ኣብ ኣህጉራውን ዞቤታውን መድረኻት ኣኼባ ዘቕረቦም መግለጺታት፡ ገለ ካብኦም - ኣብ መበል 80 ኣኼባ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ መበል 39 ዓመታዊ ዋዕላ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ዋዕላ ኢጣልያ-ኣፍሪቃ፡ ዝበዝሐ ግዜ ንንግዳውን ንብርን ተጠቃምነት ባሕሪ ምስ ሕቶ ልኡላውነት እናተሓሓዘ ከይናገሮ ዝሰማዐ። እዚ ድማ ኑቶም ኣብ ትሕቲ ኣህጉራዊ ሕጊ ብዘኻሙ ኣገባብ ተጸርዩም ዘለዉ ሕጋጋት እናደባለቐካ ምድንጋር ንምፍጣር ዝዛቀነ ምዃኑ ምግንዛብ ይከኣል።

- ስርዓት ብልጽግና፡ ዋላ ደኣ ብዙሕ ግዜ ይዝረግ እምበር፡ ኒቲ ዘንቀዶ "ልኡላዊ መሰል ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕሪ" ዝበሎ ኣጀንዳ ንምድራዕ ኣብ ገለ ገለ ዞባዊ ናይ ሓይሊ ባሕሪ ልምምዳትን ፍጻመታትን ወማዋዊ ተሳትፎ ክህልዎ ካብ ምሕታት ዓንድ ኣየዕረፈን ዘሎ።

እዞም ብቕደም ተኸተል ዝተዘርዘሩ ፍጻመታትን ዝተጠቐሱ ሓቅታትን፡ እቲ ሕጋዊ ይኹን ታሪኻዊ መሰረት ዘይብሉ መጋዩ፡ ክውንነዘ ዝጉዝቡ፡ ነውራም ኣጀንዳ ስርዓት ብልጽግና፡ ንዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ሰገኣት ምዃኑ ዘመልክት እዩ።

ኤርትራ፡ ዋላ'ኳ ሕጂውን ኣብ ሃናጺ ዞባዊ ጸምዶን ሰላማዊ ምትሕብባርን ተወፍያ ክትሰርሕ እንተኾነት፡ ንልኡላውነታን ግዝኣታዊ ሓድነታን ግሂሱ ምስ ኣህጉራዊ ሕጊ ንዝጻረር ዝኾነ ሕቶታት ይኹን ተግባራት ግን ኣትረራ ከም እትነጽጎ ተፍልጥ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብ ሓያለ ኣጋጣሚታት ደጋጊሙ ዝጸረሮ፡ ኣብ መኣዲ ናይ ጎንጽን ህውከትን ኣጀንዳ ተዓዲሙ ክዋሳእ ድሌት ይኹን ሸውሃት ፍጹም የብሉን። ንሰላም፡ ንርግኣት፡ ከምኡ ድማ ንሓላፍነታዊ ምሕደራ ዞባዊ ዝምድናታት ተወፋይነቱ ክቕጽሎ እዩ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ.

ክፍሊ ምርምርን ሰነዳን

ኣስመራ፡ 18 መጋቢት 2026

# ሃይኮታ - ንጽጉማት ስድራቤታት ዓይነታዊ ሓገዝ ተገይሩ

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ካብ 12 ንኡሳን ዞባታት ብምምሕዳራት ንዝተሰለየ 20 ጽጉማት ስድራቤታት፡ ዋጋ 87,500 ናቕፋ ዓይነታዊ ሓገዝ ገይሩ።

በዚ መሰረት፡ ንፍሲ-ወከፍ ስድራ መጽዓኛን ናይ ጸባ ኣጣልን ከምእተዓደለ፡ ተጸዋዒ ናይቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ተኽለ ኪዳነ ሓቢሩ።

ኣቐዲሙ ዝተገብረ ተመሳሳሊ ሓገዝ ኣብ መነባብሮ ተጠቀምቲ ስድራቤታት ዝምስገን ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ብምጥቃስ፡ ሓገዝ ዝተገብረለን ስድራቤታት ንዝረኸባኦ ሓገዝ ኣብ ግቡእ መዓላ ብምውዓል መነባብሮአን ንምቕያር ክጽዕራ ተላብዩ።

# ሸባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

## ባህርያዊ ጸዓት ንእስነት

ኢንጅ. ምሉእብርሃን ሃብታይ

"ኣንታ እዞም ጎረቤትናስ ከመይ ከመይ ኣቢሎም ነዚ ግዜ ይሓልፍዎ ኣለዉ፧ ዝረብሕ ትሕዝቶ የብሎምን። እንታይ ኮን ይገብሩ ይህልዉ፧" ሰበይቲ ንሰብኣያ ዘረባ ኣጀሚራቶ።

"እንታይ ከይኮኑ ኢኺ፧ ነዞም ሸምግልና ተርክበልና ዘላ ደኣ በልልና እምበር፡ ኣባጽሕ ዘለውዎ ገዛ ደኣ፡ ድራሮም ኣብ እንግደዓኦም እንደኣሉ ዘለዉ፡" ሰብኣይ መሊሱ።

"ኤእ! እሞ እዛ ግዜ ተመክሕ ኣይኮነትን። ነኣሽቱ'ውን እኮ፡ መንገዲ እንተረኺቡ እዮም ዝህርኩቱ።"

"እንታይ ማለትኪ እዩ፧ እቲ ንእስነቶም ባዕሉ እኮ እዩ መንገዲ። ምናልባት ንሓጺር እዋን ገለ ሕርብት እንተበሎም ከኣ፡ መንገዲ ክምህዝሉ እዮም። በዚስ ኣይትሻቐሊ። ብቐደሙስ ወዲ ሰብ፡ ከመይ ከመይ እናበለ ድዩ ተናቢሩ፧ ግድልን ጥቡብን ኣብ ዓለም ክሳብ ዘሎኻ መኻይድቲ እየን።"

"ኣይ! ካብ በልኩም'ሲ ሕራይ፡ ኣኻእሎ ይሃቦም።" ዘረባ ሰብኣይ ሰዒሩ።

ዝኾነ ውልቀ ሰብ ይኹን ስድራቤት፡ ዋላ'ውን ምሉእ ሕብረተሰብ፡ ይውሓድ ይብዛሕ፡ ከንብረኒ እዩ ዝብሎ ገለ ዕቑር ሸሻይ ክህልዎ ንቡር እዩ። ምናልባት ሕማቕ መዓልቲ እንተጋጠመ ኸኣ፡ ነቲ ከሰግረኒ ይኽእል እዩ ዝብሎ ትሕዝቶኡ ተኣማሚኑ ክሰግሮ ይውጥን። ህይወት ፈተነታት ተዳሉ፡ ወዲ ሰብ ከኣ ትሕዝቶኡ ሒዙ መፍትሒየይ ዝብሎ መንገዲ የዳሉ። ከምኡ እናበሉ ኸኣ፡ ወዲ ሰብን ባህሪን እናተጋጠሙ፡ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ክሳብ'ዛ እዋን'ዚኣ ክረባረቡ ይነብሩ ኣለዉ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እሞ ኸኣ፡ ንባህሪ ጥቡብ ወሲኹ ክገጥማ ጀሚሩስ፡ ወዲ ሰብ ኣብ'ዛ ዓለም ጸብለል ኢሉ ይረአ ኣሎ። እዚ ስልጣኔ'ዚ፡ ንኽንደይ ዘመናት ክቕጽል ይኽእል ደኣ እንድዒ እምበር፡ ቀደም ዘመን ዘይሕሰብ ዝነበረ ብዙሕ ነገራት፡ ኣብ ኢድ ወዲ ሰብ ይርከብ ኣሎ።

ወዲ ሰብ፡ ንተፈጥሮ/ንባህሪ ገጢሙ ምንባሩ ንኸውሕስ፡ ጸዓት ካብ ተፈጥሮ እዩ ዝወስድ። ነቲ ዝወሰዶ ጸዓት ከኣ መሊሱ ንባህሪ ይመልሰላ። ኣብ ሕጊታት ናይ ፊዚክስ፡ "ጸዓት ኣይምስራሕን እዩ፡ ኣይጠፍእን ከኣ እዩ።" ዝብል ወድዓዊ ሕጊ ኣሎ። ስለ'ዚ እቲ ፍልልይ፡ ነቲ ህሉው ጸዓት ከመይ ኣቢልካ ኣብ መዓላ ተውዕሎ ጥራሕ እዩ ዝፈላለ። ኩሎም ሰባት ብዙሕ ጸዓት ካብ ባህሪ ወሲዶም ኣብ ነብሶም ከዚኖም ኣለዉ። ባህሪ ብወገና፡ ነቶም ነቲ ጸዓታ ከይበቐቑ ዝመለሱላ፡ ካብ ከርሳ ወሳሲኻ፡ ዝተራብሐ ሓይሊ ትህቦም። እቶም ነቲ ዝወሰድዎ ሓይሊ ከይተጠቐሙ ከዚኖሞ ሰቐ ዝበሉ ከኣ፡ ኣብ ሓንቲ ደረጃ ተዓጊዶም ይነብሩ። እኳ ደኣ፡ ባህሪ ነቲ ዘይተጠቐሙሉ ጸዓት ወሲዳ ናብ ሓሙኹሽቲ ቀይራ ናብ ከርሳ ትመልሶ። ስለ'ዚ፡ በዚ መንገዲ'ዚ እንተረኣናዮ፡ ምንባር ማለት ምልውዋጥ ናይ ጸዓት ኣብ መንጎ ፍጡራትን ተፈጥሮን ምዃኑ እዩ።

ኣብ ዕድመ ንእስነት ምስ እንመጽእ ድማ፡ እቲ መስርሕ ምልውዋጥ ናይ ጸዓት ሰብን ባህሪን ዝለዓለ ጥርዚ እንተሓዘ ቅቡል እዩ። እቲ እንካን ሃባን ዝያዳ እንተኾይኑ ከኣ ዝያዳ ምርባሕ/ምብዛሕ ኣሎ ማለት እዩ። ዝያዳ ምርባሕ ክበሃል ከሎ፡ ሓድሽ ጸዓት ትሰርሕ ማለት ዘይኮነስ፡ ንባህሪ ዝያዳ ትብለጽጻ። ትምዝምዛ፡ ኣብ ጠቐምኻ ተውዕላ። ነቲ ጸዓቶም ብዝያዳ ዘራብሕዎ ሰባት እዮም እምበኣር፡ ንነብሶም ኮይኖም፡ ንስድራቤቶም ኮይኖም፡ ንሃገራቶም ኮይኖም፡ ንዓለም ከይተረፈ ኣብ መዓላ ዝውዕል ፍረ ዝህብዋ ዝነበሩን ዘለዉን።



ነዚ ነገረ ጸዓት ከም ዘለዎ ሒዝና፡ ናብ ሕብረተሰብና እስከ ክንርኢ ንፈትን። ተማሳሳሊ ስእሊ ንረክብ እመስለኒ። ብታሪኽ ይኹን ብህሉው፡ ሚዛን ሓይሊ ናይ ህላዌና ዝጠዋዊ ዘሎ ጸዓት፡ ኣብ ኢድ መንእሰያት ከምዝነበረን ዘሎን ዘርእየና ኣብነታት መሊኡ እዩ። ኣብ ገጽ መንእሰያት ተስፋ እንተልዩ፡ እቲ ሕብረተሰብ ንኽዓቢ ተስፋ ኣለዎ ማለት እዩ። መንእሰያት መንገዲ ህይወት ተደናጊርዎም እንተልዩ ከኣ፡ እቲ ሕብረተሰብ መጻኢ መንገዱ ከምዘይበርሃሉ የመልክት። በዚ ኮይኑ በቲ፡ መላእ ሕብረተሰብ ናብቲ መንእሰያት ዝወፍርዎ ዘለዉ ኣንፈት ገጹ ሃንቀው እናበለ ክማዕዱ ግዴታ እዩ። እቲ ዝወፍርዎ ዘለዉ ወፍሪ፡ ካብዮናይ ፍልስፍና ተበጊሶም፡ ወይ በየናይ ኮኾብ ተመሪሖም፡ ይኸድዎ ምህላዎም ምምላስ ድማ፡ ናይ'ቶም መንእሰያት ግደ ምዃኑ እዩ። ምኽንያቱ ወነንቲ ዝያዳ ጸዓት ንሳቶም እዮም። እቲ ክስዕብ ዝኽእል ሕቶ ድማ ቅልል ዝበለ እዩ። "እቲ ዝወሰድካዮ ጸዓት፡ ኣብ ምንታይ መዓላ ኣውዒልካዮ፧ ዕድመ ንእስነት እናሓለፈ ምስ ከደ'ኸ እንታይ ዓይነት ሰብኣይ/ዜጋ ኩንካ ክትርከብ ትሓስብ፧ ጓል እንተኾንካ'ውን እንታይ ብቕዓት ዘለዋ ሰበይቲ፧" በቃ፡ ካብኡ ዝሓልፍ ኣይመስለንን።

እቲ ጸዓት ናይ ንእስነት፡ ብስለት ወይ ጥቡብ ብዘለዎ መንገዲ እንተተታሒዙ፡ ክንዲምንታይ ከነቓንቕ ዝኽእል ኣኩብ ሓይሊ ምዃኑ ታሪኽ ደጋጊሙ ምሂሩና እዩ። ናይ ሃገርና ናይ ናጽነት ዕጥቃዊ ቃልሲ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ እንተርኢናዮ፡ ስራሕ መንእሰያት እዩ። ታሪኽ መንእሰያት እዩ። ብብርዒን ወረቐትን፡ ብዘረባን ብልዝብን፡ ክምለሰሎም ንዘይከኣለ ሕቶታት ንምምላስ ዝተላዕለ ሰጉሚ ምንባሩ ርዱእ እዩ። ኣብ ጉዕዞ ምዕባለ ናይ ሕብረተሰባት፡ ዋላኳ ኩሉ ግዜ ብኸምኡ መንገዲ ምኻድ ኣድላዩ እንተዘይኮነ፡ ኑብሲ ወከፍ መንእሰይ ናይ ዝኾነ ወለዶ፡ ኣብ ዝባኑ ተሰኪምዎ ዝጎዓዝ ዘሎ ጸዓት ንምርኣይ ግን እኹል መምሃሪ ዛንታ እዩ።

ኣብ'ዚ ሕጂ ንነብሮ ዘሎና፡ ናይ ምህላውን ዘይምህላውን ምፍትታን እዋናት እንተኾነ'ውን፡ እቲ ዛንታ ምንባርና ብሰጉምቲ መንእሰያት እናተቐለሰ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። እቶም ክሳብ ሎሚ ብብመንገድናን ብውዱብን ዝኸድናዮም ኣንጎሎታት ህይወት ተደማሚሮም፡ ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ፡ ትሕመቕ ትጸብቕ ሃገር ከም እትህልወና ክገብሩ ክኢሎም ኣለዉ። ኣሳጉማናን ኣጠቓቕማ ውህሉል ጸዓትናን እናበሰለ ግዲ ከይዱ ኮይኑ ከኣ፡ ድሮ ፖለቲካዊ ቅማረታት ናይ'ዚ እንነብረሉ ከባቢ ክለዋወጥ ይረአ ኣሎ። እንተስ ፍረ ጥቡብና፡ እንተስ ፍረ'ቲ ናይ ሓባር ጸሎትና፡ ሓደስቲ ተርእዮታት ክንርኢ ንጀማምር ኣሎና።

ህይወት ኣብ መወዳእታኡ እንተሪኢናያ፡ በቲ እንወስዶ ምርጫታት እያ እትቕለስ። ንመን ትግዛእ፡ ኣእዛንካ ድምጺ ናይ መን ዝያዳ ይሰምዓ፡ ንርእሱ ምርጫ እዩ። ኣብ እዋን ቁልዕነት እቲ ዕሜታትና ክበዝሕ ይኽእል ይኸውን። ኣብ ዕድመ ንእስነት ግን፡ እቲ ምርጫታትና ይዘዙ። ምኽንያቱ ነቲ ውህሉል ጸዓት ክጠዊ ዝኽእል ሓይሊ ክንደየናይ ከይርከብ። ሸማግለ እንተኾኢሉ፡ ክዛረብ ጥራሕ እዩ ዝኽእል። መንእሰያት ኣብ ጉዕዞኦም ክዕወቱ እንተርእዩ ኸኣ፡ ካብቲ ሸሻዮም ክቋደስ ይጽሊ ይኸውን።

እዚ ዘሎናዮ ዘበን፡ ዘበነ ሓበሬታን ተክኖሎጂን፡ ዘበነ ትምህርቲን ምርምርን፡ ብምዃኑ ድማ፡ ነቲ ጸዓት መመሊሱ ንላዕሊ ዘራብሕ ባእታ ኣለዎ። እቲ ጸዓት እንተተራቢሑ ከኣ፡ እቲ ምርጫታትና መመሊሱ ይዛይድ። ንመመኽነይታ ዝኸውን ነቓዕ ድማ ኣይርከቦን። ማለት፡ "ቀምሽ ኣደይ ዓንቂፍኒ እየ ከም'ዚ ኮይነ ዘለኹ፡" ክንብል'ሲ ኣየምሕረልናን። ምኽንያቱ ምሁር መንእሰይ መጻኢ ዕድለይ ኣብ ምርጫታትተይ እዩ ዝምርኮስ ክብል እንተዘይክኢሉ፡ ካልእ ከምኡ ክብል ዝደፍር ኣካል ሕብረተሰብ የሎን። ኣብ መሬት እናተቐመጥና፡ ብሕጊ መሬትን ሰባትን እናተገዛእና፡ ካብ ከርሲ መሬት እናተመገብና፡ ጉዳይና ንመለኮታውያን ሓይልታት ሂብና ክንጽበ እንተፈቲንና፡ ንግዜኡ ካብ ክዉንነት ተኸዊልካ ዝግበር መሕለፊ ግዜ ጥራሕ እዩ ክኸውን ዝኽእል። እቲ ክንከዶ እንኽእልን፡ እቲ ክንጽበዮ እንኽእልን፡ ምምማይ ፈቲና ጸሊእና ስራሕ ወዲ ሰብ እዩ። ካብ'ተን ንወዲ ሰብ ዝተዋህባ ስልጣናት ክጎድለና ኣይክእልን እዩ።

ስለ'ዚ ሕጂ'ውን ምስ'ዚ ኩሉ ጸዓት፡ ጉዕዞ ንእስነትና ከይዱ ከይዱ ኣብ'ዛ ዘሎናያ ነጥቢ ካብ ኣብጺሓና፡ ብዛዕባ'ታ እትቕጽል ነጥቢ ክንሓስብ ንቡር'ዩ። ምሁራት ወለዶ ብምዃንና ድማ፡ ቅድሚ እግሪ ርእሲ ከምዘስጉም ኣንዳዕዲዕና ንፈልጥ ኢና። ኣብ'ቲ ዝቕጽል ጉዕዞና፡ ዜጋታት ናይ ሓንቲ ድኻን እናተተኹብላ እትነብርን ሃገር ኬንና ክንርከብ'ዶ ይሓይሽ፧ ዋላስ ከም'ቲ ሓደ፧ እዚ ዘሎና ናይ ንእስነት ጸዓት፡ ብመንፈስን ብቑጠባን ሓርነት ረኺብና ክንነብረሉ'ዶ ይሕሸና፡ ወይ'ስ ዛንታ ባርነት እናደገምና ክነሕልፎ፧ ንሕና ብዛዕባ ዝፈጸምናዮም ቀዉም-ነገራት እንብሎም ነገራት ክነውግዕ'ዶ ይሕሸና፡ ወይስ ኣብ ልዕሌና ብዛዕባ ዝተፈጸሙ ፍጻመታት ክንትርኽ ክንነብር፧ እስኪ ነቲ ፈጣሪ ብመንገዲ ንእስነትና ጌሩ ኣኻኺቡ ዝሃበና ጸዓት እናሓሰብና ንወስን።

ኣብ ኩነተ ኣእምሮ ላንጋ-ላንጋ ዝበሃል ክስተት ኣሎ። ሓደገኛ ኩነት እዩ ክንብሎ'ውን ንኽእል። ንዘሎካ ጸዓት ብምልኣት ንኸይትጥቀመሉ፡ ንሓንጎልካ ከፋፊሉ፡ ንውጽኢትካ ብፍርቂን ልዕሊኡን ዘጓድል ባእታ እዩ። ዝበዝሕ እዋናት፡ ላንጋ-ላንጋ ዝኾነ ጠባይ ዝሕዙ፡ እቶም በለጸኛታት (opportunistic) ዝኾኑ ሰባት እዮም። ገዛ ገዛ እናኣተዉ ከኣ፡ ቅሩብ/ጽቡሕ መኣዲ እንተረኺቡ ሃሰው ክብሉ ይነብሩ። ተስፋኦም ካብ ነብሶም ዘይኮነስ፡ ካብ ረሃጽን ጉልበትን ናይ ካልኦት ስለዝኾነ ድማ፡ ዝበለጹሉ ኣካል ክሳብ ዝረኽቡ ኣብ ላንጋ-ላንጋ ይነብሩ።

ገለ ገለ ከኣ ኣይሰኣኑን፡ ንኹሉ ነገር ተገዲዶም ዝኸድዎ። ነቲ ባህሪ ዝሃበቶም ጸዓት ኣቐሚጦም፡ ኣብ ውሳነታት ናይ ካልኦት ይነብሩ። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ኩነት ህላወ፡ ንኺድ ገረብ ንትከል እንተበኻዮ ብግዴታ እዩ። ንኺድ ኩዕሶ ንጻወት'ውን ብግዴታ እዩ። እቲ ዝፍጽምዎ ተግባራት፡ ገለ ሳዕቤናት ንኸይመጽም ፈሪሆም እንተዘይኮይኖም፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ባህጊታት ኣየበግሱን እዮም። ኣብ መወዳእታኡ ኩሎም ሰባት፡ ጥዑም ነገር ዘይጸልኡ ምዃኖም ግን ባህ ይብለካ። ካልእ ዝገርም ነገር ከኣ፡ ሓንቲ ዕዮ ፍረ እንተተረኺባዋ፡ እቶም ላንጋ-ላንጋን እቶም ግዱዳትን ሓቢሮም፡ ከም ዋናታት ናይ'ታ መደብ ተመሲሎም፡ ፍረኣም ክሓፍሱ ዝጓየዩ ምዃኖም እዩ።

ብኣንጻር ናይ'ዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ድማ፡ ብርእሰ ውሳኔኦም ክነብሩ ዝፍትኑ (proactive)፡ ዝኾኑ ሰባት ኣለዉ። እዚ'ኦም ኣብ'ቲ ባህርያዊ ጸዓቶም ክነብሩ ዝጽዕሩ እዮም። ዓለም፡ ብመጠን'ቲ ዝሃብካያ ከምእትመልሰልካ ዝኣምኑ እዮም። ገና ብቑልዕነቶም ነቲ ዘለዎም ባህርያዊ ጺጋታት እናፈተሽዎ ስለዝዓብዩ፡ ኣብ እዋን ንእስነቶም ብላንጋ-ላንጋ ዝጠፍእ ብዙሕ እዋን ኣይርከቦምን እዩ። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ከኣ፡ ኣዝዮም ጸለውቲን ንታሪኽ ወዲ ሰብ ቀየስቲን እዮም ዝኾኑ። ምኽንያቱ፡ ዝተራብሐ ሓይሊ፡ ከምኡ እዩ ዝገብር።

ናብ ምድምዳም'ዶ ክንበል። ምዃን ከይተደምደመ ከሎ ድምዱም እዩ - ዝመስል። ካብ'ዞም ልዕል ኢልና ዝረኣናዮም ወገናት፡ ምስ ኣየኖት ምዃን ይሕሸና ምርጫ እዩ። ጽቡሕ መኣዲ እንተረኺብና ገዛ ገዛ ክንኮልል'ዶ ይሓይሽ፡ ወይስ መኣድና ከምታ ዓቕምና ጌርና ባዕልና ክንጸብሓ፧ እቲ ዘራባሕናዮ ባህርያዊ ጸዓት ናይ ንእስነት፡ ኣብ ምንታይ መዓላ እንተውዓልናዮ ይሓይሽ፧ ወዘተ. . . እናበልካ፡ ሓደ ሓደ ሕቶታት ደርቢኻ፡ ምውዳእ ዝሓይሽ እመስለኒ። ምኽንያቱ፡ ንምሁር ወለዶ/ኣካል ክትምህሮ ኢልካ ካብ'ዚ ንላዕሊ ብዙሕ ዝበሃል ዘሎ ኣይመስለንን። ሰናይ ናይ ምውሳን ግዜ ይግበረልና።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ኦቲዝም እንታይ እዩ፧

ኦቲዝም፡ ኣብ ኣእምሮኣዊ ምዕባለ ንዘርኢ ኩነታት ንምግላጽ ዘገልግል ሰፊሕ መጸውዒ ቃል እዩ። እዚ ኩነታት'ዚ ኣብ ምብህሃልን ማሕበራዊ ንጥፈታትን ብዘርኢ ፍልልይ ይግለጽ።

ኦቲዝም ዘለዎም ሰባት ኣንጻር ቀያድን ልሙድን ባህሪ ልዑል ዘይምርድዳእ ጠባይ እዮም ዘርእዩ።

ኦቲዝም፡ ቦታ ይኹን ዓሌት፡ ባህሊ ይኹን ሃይማኖት ከም'ኡ'ውን ቁጠባዊ ድሕረ-ባይታ ከይፈለየ፡ ኣብ ኩሉ ክፍሊ ዓለም ኣብ ዝነብር ህዝቢ ይርከብ።

ብመሰረት ጸብጻባት ሕክምና፡ ኦቲዝም 1 ካብ ኣብ 100 ሰባት ኪጋጥም ይኽእል። ዝያዳ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ይርአ።

### ኦቲዝም እንታይ እዩ፧

ኦቲዝም፡ ሕማም ዘይኮነስ ሓደ ሰብ ሒዝዎ ዝውለድን ንምሉእ ዕድመ ዝጸንሖን ባህርያዊ ኩነት እዩ። ምስ'ዚ ኩነታት ዝነብሩ ሰባት፡ ጸገም ኣእምሮኣዊ ምዕባለ ስለዘለዎም፡ ምስ ካልኦት ሰባት ዘለዎም ርክብ ከም'ኡ'ውን ኣብ ባህሪኦምን ማሕበራዊ ህይወቶምን ሓያሎ ጸገማት እዮም ዘርእዩ።

ሓደ ሰብ ኦቲዝም ከምዘለዎ (ኦቲስቲክ ከምዝኾነ) ብምርኣይ ጥራይ ክትፈልጦ ዝከኣል ኣይኮነን። ምልክታቱ ድማ ከይዕበረ ወይ ብግቡእ ከየለለኻዮ ክጸንሕ ይኽእል እዩ። ስለዚ ንገለ ወለዲ እዚ ኩነታት ኣብ ደቂም ምህላዉ ንምልላይ በዓዲ ከቢድ ደርእ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኦቲዝም ዘለዎ ህጻን ኣብ ምሉእ ዓቕሚ ንክበጽሕ ኣብ እንዥብርሮ ምትሕግጋዝ ብኣግኡ ግቡእ ኣቓልቦ ክረክብ ኣለዎ።

ኦቲዝም ሕማም ኣይኮነን

ኦቲስቲክ ምኻን ሕማም ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ኣእምሮኻ ካብ ናይ ካልኦት ሰባት ብዘተፈልየ መንገዲ ስለ ዝሰርሕ እዩ እቲ ኩነታት ዝኸሰድ። ኦቲስቲክ እንተኾንካ ምሉእ ዕምርካ ከምኡ ኴንካ ኢኻ ትነብር።

ኦቲዝም ዝኾነ ሕክምናዊ ፍወሳ ዘድልዮ ኩነት ኣይኮነን። ኦቲዝም ዘለዎም ሰባት ግና፡ ግቡእ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዕቤት ከምጽኡ ሓገዝ የድልዮም እዩ።

### ምልክታት ኦቲዝም

ምልክታት ኦቲዝም ካብ ህጻንነት ጀሚሩ እዩ ዝኸሰድ። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ምልክት ኣብ ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ዓመት ዕድመ ይረኣ። ኣብ ውሽጢ 12 ክሳብ 24 ኣዋርሕ ዕድመ ናይቲ ህጻን'ውን ይገሃድ እዩ። እቲ ምልክት ካብዚ ዝተጠቕሰ ዕድመ ድሒሩ ወይ ቀዲሙ'ውን ክርአ ይኽእል እዩ።

ምስ ኦቲዝም ዝነብሩ ህጻናት፡ ኣእምሮኣዊ ዕብየቶም መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 12 ክሳብ 24 ኣዋርሕ ኣብ ዘሎ ዕድመኦም ደው ክብል ይርአ። ብፍላይ ንቋንቋን ምብህሃልን ምላሽ ኣብ ምሃብ ክእለቶም።

ምልክታት ኦቲዝም ካብ ህጻን ናብ ህጻን ክፈላለዩ ይኽእሉ እዮም።

**ካብቶም ብኣግኡ ዝረኣዩ ምልክታት፦**

ጸገም ማሕበራዊ ርክብ- ምስ ኦቲዝም ዝነብሩ ህጻናት ምስ ካልኦት ኣብ ምርድዳእ፡ ዓይኒ ንዓይኒ ምርኣይ፡ ስምዒቶም ኣብ ገጾም ምግላጽ፡ ናይ ሰብ ስምዒት ምርዳእ፡ ስሞም ክጽዋዕ ከሎ ምላሽ ኣብ ምሃብ ዝኣመሰሉ ተግባራት ክጸገሙ ይኽእሉ።

ጸገም ምዕባለ ክእለት ዘረባን ቋንቋን - ምስ ኦቲዝም ዝነብሩ ህጻናት ክእለት ዘረባን ቋንቋን ኣብ ምምዕባል ክድንገዩ ወይ ድማ ፈጺሞም ዘይዛረቡ ክኾኑ ይኽእሉ።

ተደጋጋሚ ባህርያት፡ እዞም ኩነታት ዘለዎም ህጻናት ከም ምውዝዋዝ ኣእዳዎም ምንቅብጋብ ወይ ምሽክርካር ዝኣመሰሉ ተደጋጋሚ ባህርያት ክርእዩ ይኽእሉ።

ኣብ ስሩዕ ልምዶም ዝመጽእ ለውጢ፡ ብዘወሳኺ ኣብ ስሩዕ ልምዶም ወይ ከባቢኦም ዝመጽእ ለውጢ ኣብ ምቕባል ክጸገሙ፡ ክቦሳጨዉ ወይ ክናደዱ ይኽእሉ።

ህዋሳዊ ጉዳያት፡ ከም ድምጺ፡ ትርኢት፡ መቐረት ወይ ሙብራህቲ ንዝኣመሰሉ ድፍኢታት ወይ ድራኺታት ካብ መጠን ንላዕሊ ወይ ካብ መጠን ንታሕቲ ተሃዋሲ ክኾኑ ይኽእሉ።



**ኣብ ምብህሃልን ማሕበራዊ ርክብን ዘሎ ጸገም**

ሓደ ኦቲዝም ዝኾነ ህጻን ካብ ትሕቲ 5 ዓመት ዕድመኡ ጀሚሩ፡ ኣብ ምብህሃል ሓያሎ ጸገማት እዩ ዘርኢ።

- ካብ ዝውለድ ጀሚሩ፦ ናይ ዓይኒ ርክብ (eye contact) ኣየጣይድን።
- ኣብ 9 ወርሒ ዕድሜ፦ ብስሙ ጸዊዕካዮ መልሱ-ተግባር ኣየርእን። ናይ ምሕጓስ ወይ ምሕራቕ ዝኣመሰሉ ምልክታት ኣብ ገጽ ኣየርእን።
- ኣብ 12 ወርሒ ዕድሜ፦ ንህጻናት ስሓብቲ ብዝኾኑ ጸወታታት ክምሰጥ ኣየርእን። ከም ምንቅስቓስ ኢድ ዝኣመሰሉ መብሃሊ ምልክታት ብዙሕ ኣየርእን። እንተርኣየ'ውን ዕድመኡ ክኾኖ ዘለዎ ናይ ምዝራብ ክእለት'ውን ኣየጥርን። እንተተዛረበ'ውን እቲ ዘውጽኦ ቃላት ዘይምዕሩይን ዘይንጹርን ይኸውን።





ከምቲ ዝድለ ኣይከውንን።
- ኣብ 15 ወርሒ ዕድሜ፦ ድሌታቱ ምስ ካልኦት ሰባት ኣይካፈልን። ዝላዞ ንብረት ወይ መጻወቲ ንብዩ ጥራይ ክዝርብ ይደሊ።
- ኣብ 18 ወርሒ ዕድሜ፦ ካልኦት ሰባት ኣብ ዘርእይዎ ምልክታት ቁሊሕ ኣይብልን ወይ ኣይምልከትን።
- ኣብ 24 ወርሒ ዕድሜ፦ ዝኸድኦ ነገራት ኣይፈልጥን። ምስኡ ዘሎ ሰብ ሓራቑ ምህላዉን ዘይምህላዉን'ውን ከስተብህል ኣይክእልን።
- ኣብ 30 ወርሒ ዕድሜ፦ ጣንቡላ ይኹን ካልእ መጻወቲ ቆልዓ እናተጠቐምካ ኣብ ዝፀየድ ጸወታታት ብዙሕ ኣይሳተፍን።
- ኣብ 60 ወርሒ ዕድሜ፦ ምስ መዛኑኡ እናተቐባበልካ ኣብ ዝፀየድ ዓይነት ጸወታ ክሳተፍ ኣይክእልን።

ብተወሳኺ፡ ኦቲዝም ዝኾነ ህጻን ኣብ 36 ወርሒ ዕድመኡ፡ ድሌታቱ ክገልጽ፡ ድሌታት ካልኦት መዛኑኡ ድማ ክርዳእ ኣይክእልን እዩ።

ኦቲዝም ዘለዎ ህጻን ምስ ደረጃ ዕድመኡ ክኾኖ ዘለዎ ናይ ምዝራብ ክእለት'ውን ኣየጥርን። እንተተዛረበ'ውን እቲ ዘውጽኦ ቃላት ዘይምዕሩይን ዘይንጹርን ይኸውን።

**ኦቲዝም ዘርእዮ ካልእ ባህርያት**

**ኦቲዝም ዝኾነ ሰብ ካብ ዘርእዮ ተወሳኺ ባህርያት፦**

- ምድንጓይ ኣብ ምንቅስቓስ፡ ቋንቋን ተገንዝቦኣዊ ክእለትን
- ምንፍርፋር፡
- ጸገማት ከስዕን መዓንጣን፡ ዕንፍሩረ ወይ'ውን ውጹኣት፡
- ብዙሕ ምሽቓልን ወጥርን
- መጠኑ ዘይሓለወ ፍርሒ፡
- ዘይልሙድ ናይ ኣመጋግባ ልምዲ ምኽታል፡
- ግቡእ ናይ ድቃስ ሰዓታት ዘይምርካብ፡

**ጠንቂ ኦቲዝም እንታይ እዩ?**

ጠንቂ ኦቲዝም ንጹር ኣይኮነን። ኣብዚ ቀረባ ግዜ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘረጋግጽዎ፡ ኦቲዝም ንጹል ጠንቂ የብሉን።

**ናብ ኦቲዝም ከምርሑ ዝኽእሉ ረቛሒታት ንምጥቃስ፦**

- ኦቲዝም ዘለዎ ናይ ቀረባ ኣባል ስድራ ምህላው፡
- ኣብ ጀነቲካዊ ቅርጺ ለውጢ (mutation) ምህላው፡
- ተኣሳሳሪ 'ሲንድሮም' ምህላው ወይ ጀነራዊ ምዝንባዕ፡
- ዕድመኦም ካብ ዝደፍኡ ስድራ ምውላድ፡
- ትሕቲ ንቡር ክብደት ሃልዩካ ምውላድ፡
- 'ሜታቦላዊ' (metabolic) ዘይምምጥጣን፡
- ንኬሚካላዊ ወይ ብከላዊ ኣከባቢ ምቅላዕ፡
- ኣብ ግዜ ወሊድ ዝርአ ረኽሲ ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።



**ጽልዋ ኦቲዝም እንታይ እዩ፧**

ምስ ኦቲዝም ዝተወልዱ ህጻናት፡ ምስ ካልኦት ሰባት ብዝሖጎስ ክረዳድኡ ስለ ዘይክእሉ፡ ንብይኖም ክጻወቱ ይመርጹ።

ኦቲዝም ዝኾኑ ሰባት፡ ሓደ ነገር ኣብ ምዝካር ንፉዓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ ሓደ ፍሉይ ኣርእስቲ ብዙሕ ፍልጠት ክህልዎም ዘሎ ተኽእሎ'ውን ሰፊሕ ዝበለ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ተገዳስነት ዘይብሎም ኮይኖም ስለ ዝቐርቡ ድማ፡ ዓርኪ ክረኽቡ ወይ ምስ ሓደስቲ ሰባት ክላለዩ ብዙሕ ክጸገሙ ይረኣዩ።

ኦቲዝም ዘለዎም ሰባት ድሌታቶም ንምግላጽ ስለ ዝድረቱ፡ ርእሱ-ተኣማንነት ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ።

**ምስ ኦቲዝም ዝነብሩ ሰባት ብኸመይ ክንሕግዞም ንኽእል?**

ምስ ኦቲዝም ዝነብሩ ህጻናትን ዓበይቲ ሰባትን ዘርእዩዎ በዓዲ ባህርያት ምስ እንርድኣ፡ ብኸመይ ክንሕግዞ ከምንኽእል ምግንዛብ ዝቐለለ ይኸውን።

ንኣብነት፡ ዝኾነ ኦቲስቲክ ሰብ ከዛርበና ወይ ምሳና ክጻወት ድሌት ዘይብሉ ኮይኑ ክስምዓና ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ እዚ ግን ናቶም ጌጋ ኣይኮነን። ንሳቶም'ውን ብዛዕባ'ዚ ፍሉይ ባህሪኦም ብዙሕ ይስመዖም እዩ። ስለዚ፡ ባዕልና ክንቀርቦም ክንፍትን ኣሎና።

ምስ ኦቲዝም ዝነብር ሰብ፡ ዘይእሩም ወይ ገታር ኮይኑ ክቐርበና ይኽእል እዩ። ተፈጥሮኣዊ ባህሪኡ'ምበር፡ ከም'ኡ ኮይኑ ክቐርበና ድሌት ከምዘይብሉ ኣይንረስዕ። ብቓለሉ ዝተብሸ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ምስ ክርድኦም ዝኽእል ዓቢ ሰብ ወይ ወለዱ ክዝራረብ ይግባእ።

ተቐባልቲ ንኹን፡ ዓለም ኦቲዝም ንዘለዎም ሰባት ምድንጋር እትፈጥር ቦታ ክትከውን ትኽእል ኢያ። በዚ ድማ ዝጉበርዎ ባህርያት ክገርሙና ይኽእሉ እዩ። ንኣብነት ተደጋጋሚ ድምጺ ከስምዑ ወይ ዝኾነ ነገር ክቕጥቅጡ እንክለዉ፡ ኣብ ክንዲ ምንጻግ ተግባሮም ምቕባል ዝሓሸ ይኸውን። ሕያዎት ኩይንና ብዘምችኦም ኣገባብ ክዋስኡ ንፍቀደሎም። ሓደ ሰብ ዝተፈልየ ባህሪ ስለ ዘለዎ ጥራይ ኣተኩሪርና ምጥማት ኣገባብ ኣይኮነን።

ኦቲዝም ዘለዎ ሰብ፡ ትሕቲ ንቡር ሰብ ገርና ክንጥምቶ'ውን ጌጋ እዩ። ከም ዝኾነ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓያሎ ኀድኒ ከም ዘለዎም ክንግንዘቦ ኣሎና።

ምንጪ፦ health line

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቃ እምባደርሆ

ት/ዕ ፍትሓዊት ኣድሓኖም፡ ስም ኣደይ ፍዮሪ ዘውደየ በየነ ምባል ተሪፉ፥ ፍዮሪ ዘውደ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕ ሆሳእና ኣድሓኖም፡ ስም ኣደይ ፍዮሪ ዘውደየ በየነ ምባል ተሪፉ፥ ፍዮሪ ዘውደ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕ ፍርቱና ኣድሓኖም፡ ስም ኣደይ ፍዮሪ ዘውደየ በየነ ምባል ተሪፉ፥ ፍዮሪ ዘውደ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕ ፍናን ኣድሓኖም፡ ስም ኣደይ ፍዮሪ ዘውደየ በየነ ምባል ተሪፉ፥ ፍዮሪ ዘውደ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤሰን ኣቶብርሃን ተስፉይ ምባል ተሪፉ፥ ኤስሮም ኣቶብርሃን ተስፉይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትምኒት ገብረማርያም ዘሙይ፥ ብዓል ቤተይ ተስፉሚካኤል ገብረእየሱስ ስለዝተሰወኣ፥ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርሳሌም ግርማይ ጺጋይ፥ ኣቦና ግርማይ ጺጋይ ገብረመድህን ስለዝተሰወኣ፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ድልየት እሰይያስ ተኽለዝጊ፥ ስም ኣደይ ወይኒ ጎይትኦም ምባል ተሪፉ፥ ምሕረት ጉርጃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኪኤ ክፍለዝጊ ጊላዝጊ፥ ኣቦና ክፍለዝጊ ጊላዝጊ ጓንጉልን ኣዴና ምሕረት ተኽለሚካኤል ኣሚሃን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ይርግኣለም ሃብተ ዑቕባዝጊ፥ ኣቦና ሃብተ ዑቕባዝጊ እንግዳ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለ ጊላዝጊ ትኳቦ፥ ኣቦና ጊላዝጊ ትኳቦ ደስታ፡ ኣዴና ለምለም ኪዳነ ብርሃ ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርድ ድባርዋ

ሃብቶም ተኽለሚካኤል፥ ብዓልቲ ቤተይ ኣለም ሃይለ ዞሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጎይትኦም ተስፉሚካኤል ወልደኪሮስ ምባል ተሪፉ፥ ሃብቶም ተወልደመድህን ዘርኣጸየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሕረትኣብ ኪዳነ፥ ብዓልቲ ቤተይ ግደይ ወልደማርያም ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣዜብ በርኸትኣብ ገብረክርስቶስ፥ ብዓል ቤተይ ሃብተገርግሽ ኣፈወርቂ መሻሽ ስለዝተሰወኣ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከድጃ ኣሕመድ ሓጃይ ምባል ተሪፉ፥ ከድጃ ሓምድ ሓጃይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሙሴ ሰመረ ክፍሉ፥ ስም ኣደይ ምልእተ ገብረስላሴ ሃብቱ ምባል ተሪፉ፥ ሃይማኖት ኣረፋይነ ኣርኣያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰዕድያ መሓመድጣሂ ሳልሕ ምባል ተሪፉ፥ሰዒዲ መሓመድጣሂ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮሎኔል ሳሮን ታደሰ መብራህቶም፡ ተኸሳሲ ኣብርሃም ኣየለ ስዩም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

ኣብርሃለይ ብሸመይ ወልዱ፥ ስም ኣደይ ውዳሰ ሃይለሚካኤል ተሰማ ምባል ተሪፉ፥ውዳሰ ሃይለ ተሰማ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልሳ መልከ ኣዳል፥ ኣቦይ መልከ ኣዳል ዑቕባስላሴ ስለዝዓረፈ፥ ንብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ዑቕባ ገብሩ ወ/ስላሴ ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፥ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ይሕደጉ፥ ኣደይ ሸማይጃሽ ገብርኣብ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ 1 ጓል ወራሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልእልቲ ወረደ ምባል ተሪፉ፥ የርዳኖስ ወረደ ገብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ንገሰ ኣብይ መሻሽ፥ ወለድና ኣብይ መሻሽ ወልዱን ኣዴና ውዳሰ ገብረስላሴ መሻሽን ስለዝዓረፉ፥ 7 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

እለን ዳኒኤል ተስፉዝጊ ምባል ተሪፉ፥ ኤልዳና ዳኒኤል ተስፉዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰሊና ዳኒኤል ተስፉዝጊ ምባል ተሪፉ፥ ብሌን ዳኒኤል ተስፉዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልድያ ኣብርሃለ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፥ ፊሽን ኣብርሃለ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወልደኪዳን ወልደየውሃንስ ደብዩን ምባል ተሪፉ፥ ወልደኪዳን ወልደየውሃንስ በዩን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደናይት ሰለሙን የውሃንስ ምባል ተሪፉ፥ ስምረት ሰለሙን የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሉተኪዳን ገብረእየሱስ ምትዮስ፡ ብዓል ቤተይ ክፍለእየሱስ ንገሰ ክፍሉም ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሚልዮና ቢንያም ጸጸ ምባል ተሪፉ፥ ዳቦራ ቢንያም ጸጸ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ማርቲን ዑስማን ሳልሕ፥ ስም ኣደይ ማገላ ኣስፉ ኣሊ ምባል ተሪፉ፥ ሮዛ ሚሳኤል የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ሃይለ ገብረዝጊ፥ ብዓል ቤተይ ክፍላይ የማነኣብ መሻሽ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ኣቶ መሻሽ ዘመንፈስ ህንጻኣብ፥ ወደይ የናስ መሻሽ ዘመንፈስ ስለዝተሰወኣ፥ ወላድ ይኹን ሓዳር ስለዘይብሉ፥ ንሕና ወለዱ ኣቶ መሻሽ ዘመንፈስ ህንጻኣብን ወ/ሮ ወይኒ ወልደክርስቶስ ተኽለን ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 01 ዚፕ ኮድ 6K-1946 ፕሎት/ብሎክ 88 ብመ.ቁ.ንብረት 6BRKRN001121 ዝተመዝገበ፥ ስፍሓቱ 862.58 ት/ሜ ዝኾነ፥ ኣብ ልዕሊኡ 10 ክፍሊ መደቀሲ/ሳሎን 1ክፍሊ/መኻዝኖ 1ክፍሊ/ክሽነ 4 ክፍሊ ዓይኒ ምድሪ/ባኞ ምስ መካበብያ ዘለዎ፡ ብስም ሳልሕ ሳልም ሳልሕ ዝተመዝገበ ምስ 6 ደቀይን ደቂ ሰብኣየን ብምቕሊት ዝበጽሓና፡ ናብ ስምና ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፥ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣሚራ መሓመድ እድሪስ +6

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 01 ዚፕ ኮድ 6K-1946 ፕሎት/ብሎክ 88 ብመ.ቁ.ንብረት 6BRKRN001121 ዝተመዝገበ ስፍሓቱ 862.58 ት/ሜ ዝኾነ ኣብ ልዕሊኡ 10 ክፍሊ መደቀሲ/ሳሎን 1ክፍሊ/መኻዝኖ 1ክፍሊ/ክሽነ 4 ክፍሊ ዓይኒ ምድሪ/ባኞ ምስ መካበብያ ዘለዎ ብስም ሳልሕ ሳልም ሳልሕ ዝተመዝገበ ምስ 11 ደቀይን ደቂ ሰብኣየን ብውርሲ ዝበጽሓና ናብ ስምና ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፥ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣሚራ መሓመድ እድሪስ +11

---

ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ምም/ማእከል ከተማ ዞን 06 ፕሎት 06 ፓርሰል J ዝርከብ፥ ብስም ኣዴና መድሂን ጺጋይ ተኽለ ዝተመዝገበ ገዛ ብዘረጋገጽናዮ ውርሻ መሰረት ናብ ስምና ክነመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ክፍሊ ቴክኒክ ን/ዞባ ሰንዓፈ ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከነፈጽም ምዃንና እሕብር።

ራህዋ ፍጹም ጋይም

---

ብስም ሳራ በርሀ ኣብዪ፥ ኣብ ዓዲ/ከባቢ ዳ/ጳውሎስ ብመወከሲ ቁጽሪ 000774 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 001184 ፕሎት 7 ፓርሰል H ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለኩዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፥ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበሎ እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07609369 ክሕብረኒ። እንተዘይተረኺቡ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ብፍ/በ/መሳል ኣኽበረት ሓጎስ ገብረመድህን፡ ብፍ/በ/ዕዳ 1.እሰይ ሓጎስ 2.ባሴባ ሓጎስ 3.ሶሌሆም ሓጎስ 4.ዳዊት ሓጎስ 5.ናዝሬት ሓጎስ፣ ንማኹም ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ 2/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ወ/ሮ ኣይዳ ኣለሞ ዘርኣይ +1ን ተጸዋዒ ወረ/ነፍ/ ጉት ገዘሀይ ወልደማርያም ኣቶ መስፍን ኣለሞ ዘርኣይን ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ተጸዋዒ ኣቶ መስፍን ኣለሞ ዘርኣይ ንጹር ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወልደሳሙኤል እስቲፋኖስ ግርማይ ምግቢ ተረፉ፡ ሳሙኤል እስቲፋኖስ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኢትዮጵያ ተስፋይ ሃምርያም፡ ወኪል ኣብርሃጽዮን በርሀ ገብረስላሴ፡ ኣቦይ ተስፋይ ሃምርያም ገብረስላሴ ስለዝሞተረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ወረ/ ነፍ/ሄር ሰተሚካኤል ገብረመድህን መድሃኔ 1.ኣቶ ተስፋኣለም ኣሰፋው 2.ወ/ሮ ዛይድ ኣሰፋው (ወኪል ኣቶ ተስፋኣለም ኣሰፋው) ብፍ/በ/ ዕዳ ኣቶ እስቲፋኖስ ኣብርሃ መሓሪ ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ እስቲፋኖስ ኣብርሃ መሓሪ ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ቁ.41 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ከሰስቲ ኣቦደንቲ ምትሕግጋዝ ታቦት ማስቀል ጸጸራት (ኣሕዋት ዓዲ ገረማስቀል) ተኸሳሲ ዳኒኤል ኣፈወርቂ ወልዱ፡ ናይ ገንዘብ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ቁ.32 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ህይወት ምናሴ ህብቱ፡ ኣቦይ ምናሴ ህብቱ መድህን ስለዝሞተረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 23/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ሳባ ኣፈወርቂ ገብረስላሴ ምግቢ ተረፉ፡ ፍቓዱ ኣፈወርቂ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ኣበበ ሳሙኤል ገብረሚካኤል ምግቢ ተረፉ፡ ሉልያ ሳሙኤል ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ተስፋጋብር ተኽለኣብ ተኸስተ ምግቢ ተረፉ፡ ዓወት ተኽለኣብ ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ትብለጽ ገብረክርስቶስ ተስፋ፡ ወኪል ኤፍሬም መብራህቱ ተኽለሃይማኖት፡ ጓለይ ሰናይት ሓጎስ ኪዳን ስለዝሞተረፈት፡ ኣነ ወላዲታ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣብርሀት ቦኽረጽዮን ገብረገርግሽ፡ ብዓል ቤተይ ገብረየውሃንስ ተወልደ ተስፋገርግሽ ስለዝሞተረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ሉተኺዳን ተስፋማርያም ለሽሉ፡ ብዓል ቤተይ ገብረኣምላኽ ዓንደማርያም ስለዝሞተረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ይግበይ በዚሊ ኣስመራ ሴራሚክስ (ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ሰለሙን ገዚኢ) ወዘ.ቢ. መልሲ ኣቶ ካሕሳይ ሃደለ ፍጡር ዘሎ ናይ ሰቪል ክርክር ማሰረት ብምምጋር፡ ወ/ መልሲ ኣቶ ካሕሳይ ሃደለ ፍጡር፡ ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.40 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኢልሳ ገብረሂወት በየኑ፡ ኣቦይ ገብረሂወት በየነ ተስፉ ስለዝሞተረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ 7 ተተካእትን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ደብረጽዮን ግርመ ገዘሀይ ምግቢ ተረፉ፡ ደብረጽዮን ግርማይ ገዘሀይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተስፋሚካኤል ተስፋዝጊ፡ ሓብተይ ሰተንክኤል ተስፋዝጊ እምባየ ስለዝሞተረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ዳኒኤል ገዚኢ ተስፋማርያም፡ ኣቦይ ገዚኢ ተስፋማርያም ገብረእየሱስ ስለዝሞተረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ሚካል ኣለምጸሀ ኣብቱ፡ ኣደይ ማርያርዝ ፓጋኖ ስለዝሞተረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ፍሬታ ክፍላይ ተከስተ ምግቢ ተረፉ፡ የሳን ክፍላይ ተከስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሉተንስአ ኣስመሮም ምግቢ ተረፉ፡ ሓበን ኣስመሮም ክፍለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ ሓጎስ ሃደሉ፡ ብዓል ቤተይ ሃብቱ ኣብርሃም ሃይለማርያም ስለዝሞተረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዩርካበል እዮብ ግርማይ፡ ኣደይ ኣልማዝ ተኽልዝጊ ሃብተማርያም ስለዝሞተረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሩፍታኣለም መልኣከ ገብረሚካኤል ምግቢ ተረፉ፡ ሩፍታሌም መልኣከ ጊላሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የማነ እዮብ ገብረክርስቶስ፡ ኣቦና እዮብ ገብረክርስቶስ ተወልደመድህን ስለዝሞተረፈ፡ ንኣደይ ወ/ሮ ሉተብርሃን ገብረሚካኤል ዓንደ ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕ ናትናኤል ኣሰራት ታደሰ ምግቢ ተረፉ፡ ናታን ኣሰራት ታደሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ይብራኣለም ኣላይ ኣርኣያም ምግቢ ተረፉ፡ ይርጋኣለም ኣላይ ኣርኣያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓዳስ መጽሓፍ

ጸጋይ ተኽለሚካኤል
(ኢንጂነር)

ተልእኾ
ንእሾኽ ብእሾኽ

ኣብ ቤት መጻሕፍቲ

መረብ፡ ባር በረኸት
ሰቲት፡ ባቢሎን ስኳር
ኣምባሳደር፡ ፒያሳ ሚኪኤለ
ጋላሪ፡ ሆቴል ንያላ

ሓደስቲ መጽሓፍቲ
NEW BOOKS

ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream): *English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*

2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream): *English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*




ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡
- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓልለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቑ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መለመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

07151337/07282165

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሽሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ጆሃራ ሳልም ሳልሕ፡ ተኸሳሲ ጀማል ዓብደልሓኪም መሓመድ፣ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ሽሪዓ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዓድ

ኣቶ ወልደኣብ ስመረ መንግስትኣብ፡ ስም ኣደይ ምሕረት ጉብረ ምግል ተሪፉ፡ ምሕረት ተስፋሚካኤል ጉብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ምሕረት ጺጋይ ሃግርያም፡ ብዓል ቤተይ ተኸስተ ወልዱ ጉብረኣምላኽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተወልደ ጉብረእግዚኣብሄር ወልደኣብዝጊ፡ ኣቦና ቀሺ ጉብረእግዚኣብሄር ወልደኣብዝጊ ፍስሓጽዮን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልጋሽ ጉብረትንሳኤ ዓንደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ጉብረእግዚኣብሄር ወልደኣብዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ራሄል መሓሪ፡ ተኸሰስቲ ናትናኤል መሓሪ ሃብተማርያም 2.ሄኖክ መሓሪ ሃብተማርያም 3.ሚካል መሓሪ ሃብተማርያም፣ ናይ ሰበል ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ዘማዝም በላይ ተፈራ ናይ ነፍ/ሄር ሓፍተይ ንግስቲ በላይ ተፈራ፡ ኣቦኣን ኣዲኣን መውትቲ ኮይናም፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለ ዘይብሉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሮዳስ ተኽለ ሃብተገርግስ ምግል ተሪፉ፡ ሄርሜላ ተኽለ ሃብተገርግስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽለሃይማኖት ሓጎስ ተስፋዝጊ ምግል ተሪፉ፡ተኽለ ሓጎስ ተስፋዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሳምር መሓረና ጺጋይ፡ ጃሲ መሓረና ጺጋይ፡ ሰናይ መሓረና ጺጋይ ምግል ተሪፉ፡ ሳምራዊት መሓረና ጺጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዮዲት ተስፋይ ሃብተማርያም ምግል ተሪፉ፡ መብራህቲ ተስፋይ ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ተስፉ ደባስ ወልዱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍትሓዊ ሓጎስ ተኽለሃይማኖት፡ ናይ ምግዚትነት ስልጣን ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ሉተብርሃን ተኽለሃይማኖት ዘርኦም ምግል ተሪፉ፡ ሉተብርሃን ተኽለይ ተኽለሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰምሰም መንግስ ወልደየውሃንስ ምግል ተሪፉ፡ ሰምሰም መንግስትኣብ ወልደሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ሳምራዊት ባህልቢ መብራህቶም፡ ተኸሳሲ ዓንደም መሓረና ገ/ሂወት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ ሳርን ኣብርሃም ነጋሲ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሄርሞን ዘርኣይ መብራህቱ፡ ናይ ፈጸሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

መሓመድ ዓሬደሽ ሳልሕ ምግል ተሪፉ፡ ዓሬደሽ ሳልሕ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰዒዳ መሓመድ መሳ ምግል ተሪፉ፡ ሰዒዳ መሓመድ መሳ ዐመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡ ኢብራሂም መሓመድ መሳ ምግል ተሪፉ፡ ኢብራሂም መሓመድ መሳ ዐመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤልሳ ተስፋይ ቀሺ መዝገቡ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መሉኣለም ጉብረእግዚኣብሄር ጉብሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ኣሰማይት የናስ ጉብረየሱስ፡ ኣደይ ኣበባ ሓጎስ ተስፋይ ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ኣቶ ሕመድ ኣቢብ ዓግር፡ ኣሞና ንግስቲ ዓግር ሕመድ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 12 ደቂ ሓወቦይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ወይኒቱ በርሀ ብጹኣምላኽ፡ ብዓል ቤተይ ሕሩይ ዓንደሚካኤል ጉብረእየሱስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሰዒድ ሮሞዳን መሓመድ፡ ብመንገዲ ሕጋዊ ወኪሉ ኣብሉ፡ ሰዒድ መሓመድ ምግል ተሪፉ፡ ሰዒድ ዐሰማን ሳዑዲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሽኻይ ሃብቱ ሕመድ፡ ኣደይ ጨጋሪት ወልደንክል ኣድሓና ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ወልደሚካኤል ዘርኢጋብር፡ ሓወይ ፍቕረማርያም ምስዮና ዘርኢጋብር፡ ናይ ኣእምሮ ሕማም ስለ ዘለዎ፡ ዘይብቑዕነት ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሰናይት ተኽለሰንበት ተኽለኣብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋጽዮን ወልደትንሳኤ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ እርጋኣለም ተኸስተ ተኽለሃይማኖት ምግል ተሪፉ፡ እርግኣለም ኣየው ሽፈራው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣመተልደት ወልደንክኤል ኣድሓና፡ ሓፍትና ሓጎሳ ወልደንክኤል ኣድሓና ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ዓሊ መሓመድ ሰዒድ ምግል ተሪፉ፡ ዓሊ መሓመድሰዒድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ዓሊ እድሪስ ዓሊሑሰን ምግል ተሪፉ፡ ኣልሑሴን እድሪስ ኣልሑሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳምሶን ባህታ ክፍለ ምግል ተሪፉ፡ ሳምሶም ባህታ ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳሚኤል ቦኽረ ተኽሉ ምግል ተሪፉ፡ ሳሚኤል ቦኽራይ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ኣቦ ወረደ ግርማይ ምግል ተሪፉ፡ ኣቦ መረጸ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናትናኤል ተስፎም ሃንስ ምግል ተሪፉ፡ ናትናኤል ተስፋማርያም የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሳሲ ዳዊት መብራህቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብቶም ሰለሙን፡ ናይ ሰበል ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ኣስቴር ሃደለ ገረዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ክፍላይ የማነኣብ መሻሾ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኣርካ መሓመድ ዓሊ ዓብደላ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ናስር ኣብዱልቃደር ማሕሙድ፡ ናይ ሰበል ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ቤንሁር ሓዴሽ ጉብረኣብ ምግል ተሪፉ፡ ቢንያም ሓዴሽ ጉብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡




### ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# መዘነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ዓቕሚ ኣእምሮ ኣብ ምዝካርን ምርዳዕን

ምርሳዕ ዝተፈላለየ ነገር፡ ኣብ ብዙሓት ሰባት ዘጋጥም ተርእዮ እዩ። እዚ ሕቶ'ዚ፡ ኣብ ኣእምሮ ብዙሓት ሰባት ይመላለስ'ዩ። ብፍላይ ድማ ተኣፈፍትን ኣገደስትን ስራሕን ቆጸራታትን ክርስዑ ከለዉ። ናይ ኣዚኻ ትፈልጦ ሰብ ስሙ ምስ ትርስዖ ዘሰንበድ እዩ። ተመራመርቲ ከም ዝገልጽዎ፡ ኣብ ቀትሪ ምስ ብርቱዕ ኣድካሚ ስራሕ ዝተረስዐ ነገራት፡ ሓንጎል ለይቲ ልዋም ድቃስ እንተ ጸገበ፡ ነቲ ተረሲዑ ዝነበረ ክዝከር ከም ዝኽእል እዩ ዝገልጹ። መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ ዓቕሙ ዝሓለፈ ድቃስን እኹል ድቃስ ዘይምርካበን ንጥዕናን ህይወትን ደቂ ሰብ ሓደገኛታት እዩ።

ዋሕዲ ደምን ጉድለት ማዕድናትን ዘይምትኳርን ብዘለ ምስጋልን ምጭናቕን ዋሕዲ ድቃስን ገለ ካብ'ቶም እኹል ድቃስ ብዘይምውሳድ ዝስዕቡ እዮም።

ኣብ ዝበዝሐ መጽናዕትታት፡ ዓቕሚ ናይ ኣእምሮና ምሉእ ብምሉእ ከም ዘይንጥቀመሉ'ዩ ዝግለጽ። በዚ መንጽር፡ ዓቕሚ መዘከር ኣእምሮ እውን ደረት ኣልቦ ምዃኑ ኢና ክንርድኦ እንኽእል። ሉቺያስ ሰቺፕዮ፡ ኣስማት ናይ ብምሉኡ ህዝቢ ሮማ ክዝክር ይኽእል ነይሩ። ሳይሮስ ዝበሃል ዝነበረ መራሒ ሰራዊት፡ ኣስማት ናይ ብምሉኦም ዓሻክሩ ብዘይ ጸገም ክጠቕስ ይኽእል ነይሩ። ካልእ ሰካ ዝበሃል ግሪኻዊ ፈላስፋ'ውን ሓንሳብ ክልተ ሽሕ ቃላት ድሕሪ ምስማዑ ክዝክርን ክደግሞን ይኽእል ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ኣእምሮና ኣብ ናይ ምዝካር ስራሕ ምስ እንጽምዶ፡ ናይ ምዝካር ክእለትና ዝያዳ ክብ ክብል ይኽእል። ኣእምሮና ልክዕ ከም ናይ ጭዋዳታትና ባህሪ'ዩ ዘለዎ። ከምቲ ጭዋዳታትና ብእንቅስቓስ ምውስዋሳት ዝጠንክር፡ ዝኸረ ኣእምሮና'ውን ከምኡ'ዩ። ኣብ'ዚ ክንግንዘቦ ዝግባእ ግን፡ ድኹም ወይ ዘይረብሕ ኣእምሮ ዝበሃል ከም ዘየለ'ዩ። እቲ ፍልልይ ኣብ መንጎ ምጥቃምን ዘይምጥቃምን'ዩ ዝምርኮስ። ገለ ሰብ ቁጽሪ ተሌፎን ክዝከር ዝኽእል፡ ስምን ምስሊ ገጽን ክዝከር ግን ዘሸግሮ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ገለ ድማ፡ ብኣንጻሩ ገጻትን ምስሊ'ኻን ቀቢ ኣብሉ፡ ቁጽሪ ተሌፎንካ ምዝካር ግን ሕርብት ይብሎ። ብኻልእ ሸነኽ፡ ቅልጡፍ ናይ ምቕላብ ክእለት እናሃለዎ፡ ንዊሒ እዋን ክሕዝ ግን ዘይክእል ሰብ ድማ ኣሎ። ብኣንጻሩ ድማ፡ ንዊሒ እዋን ክዕቅቦ እናኽኣለ ምቕላብ ዘሸግሮም ኣለዉ። ኣእምሮ፡ ዝበዝሐ ግዜ ዝሰርሖ ስራሕ ዝያዳ ክዝከር ይኽእል። ንኣብነት፡ ኣሰይቲ ብዘይጸገም ኣብ ሓደ እዋን ንብዙሕ ሰብ ክሕዝ ይኽእሉ'ዮም። ንዊሒ እዋን ግን ንዝተኣዘዝኦም ክዝክርኦም ኣይክእሉን'ዮም። ምኽንያቱ ኣድላይነት ስለ ዘይብሉ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ግን ብሰንኪ ዝሰርሕዎ ስራሕ ቀልጢፎም ናይ ምቕላብ ብልጫ ከማዕብሉ ይኽእሉ። ብኣጠቓላሊ ግን ዝኾነ ሰብ ነቲ ክዝከር ዝደሊ ምስ ቅድሚ ሕጂ ዝፈልጦም ነገራት ብምትእስሳር ወይ ብምትሕሓዝ ብዘይ ጸገም ክዝክሮ ይኽእል። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኩሉ ብህዋሳትና እንቕበሎ ሓበሬታ ይዕቀብ ስለ ዝኾነ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ምስ ትሕተ ወነ ክሉተሓሕዞ ዝኽእልና ወይ ምስ ምድግጋም ኣብቲ ንቑሕ ክፋል ኣእምሮና ክህሉ ዝኽኣለ ጥራይ ኢና ብዝያዳ ክንዝክሮ እንኽእል። እቲ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣብቲ ንቑሕ ክፋል ኣእምሮና ክህሉ ዘይክኣለ ድማ ብቐሊሉ ክንዝክሮ ኣይንኽእልን ኢና።



## ንኸይትዕወት ዘዕንቅጹ



- ከይትወድቕ ምፍራሕ፦ ፍርሒ፡ ደቂ ሰብ ድሌታትና ከላ ሕልምታትና ጋህዲ ንኸይገብሩ ዝዓግት ወይ ንድሕሪት ዝጉትት ዓንቃጺ ባህሪ እዩ። ፍርሒ ብዙሕ መዲያት ክፍጠር ወይ ክቀላቐል ይኽእል እዩ። ፍርሒ ካብ ውድቀት፡ ፍርሒ ካብ ጌጋ ምፍጻምን ካልኦትን። ፍርሒ ብዘወሰኸ ከም ብርቱዕ ስምዒት ኮይኑ፡ ኣእምሮኣውን ኣካላውን በሰላ ክወርድ ይኽእል። ፍርሒ ሽሕ'ኳ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘለዎ ጉዳይ ስምዒት እንተኾነ፡ ብልክዕ እንታይነቱን መንቀሊኡን እንተ ተለልዩ ንምውጋዱ ኣዝዩ ቀሊል'ዩ።
- ዘይቅርዑይ ምሕደራ ግዜ፦ ዓወትና ብኣነመዛዝና ናይ ግዜ ገደብ እዩ ዝልካዕ። ናይ ኩሉ ጻዕርና ፍረን ዓወትን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካልኢት ናይ ግዜና ስለ ዝርከብ፡ ንዘሎና ናይ ግዜ ጸጋ ኣብ እዋኑ ብዕቱብ ርኢና ክንጥቀመሉ እንተ ደኣ ዘይክኢልና፡ ንድሕሪት ክንነግተት ኢና። ብሓፈሻ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ዕዉታት ንምዃን ኣብ እንካይዶ ጉዕዞ፡ ግዜ እቲ ቀንዲ መሳርሒና ካብ ኮነ ብግቡእ ንጠቐመሉ።
- ወልፊ ምህላው፦ ንዕብየትና ዝጸልዉ ብዓበይቲ ከላ ኣብ መወዳእታ እንታይ ዓይነት ህይወት ከም እንነብር ዝውስኑ ወልፍታት ኣለዉ። ወልፍታት፡ ንናይ ሓደ ሰብ ናይ ስራሕ ልምዲ በሪዙም፡ እቲ ሰብ ኣብ ስርሑ ሞያኡን ንኸይዕወት ክደርኾ ይኽእሉ። ስለዚ፡ ቀለልቲ ንዘመሳሰሉ ልምድታት ብኣጋ ኣስተብሂልና ክንምሕዮም እንተ ዘይክኢልና፡ ንድሕሪት ክጉቱና ይኽእሉ እዮም። መብዛሕትኡ ሰብ፡ ዝሰረጾ ልምዲ ክምሓ ከም ዘይክእል ገይሩ ይወስዶ እዩ። ንኣብነት፡ ወልፊ ሽጋራ ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ ጥዕናኡን ስድራኡን እንታይ ጽልዋ ኣለዎ ርዱእ እዩ። እዚ ብምርዳእ ኩሉ ግዜ ክህልወካ ኣልካ እትገብሮ ነገር ብምምዛን፡ እቲ ንወልፊ እተጥፍኦ ገዚብ ዓቕሚ፡ ኣብ ህይወትካ ናይ ባህሪ ለውጢ ክተምጽእ ተበበ። ንኣብነት፡ ሓያል ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዘውታር፡ ኣብ ምቁራጽ ወልፊ ሽጋራ ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ።
- ከይብሉኒ ምባል፦ ሰባት ከይብሉኒ ወይ ብዛዕባይ እንታይ ይብሉ ኢልካ ምሕሳብ ንበርኺ እንተኾነ፡ ማጠሉ ምስ ዝሓልፍ ግን ናብ ሕማምዩ ዝምዕብል። ግዳያት ናይዚ ባህሪ ብዘቖርጽዎ ዘይንበር ፍርሕን ጥርጣረን ምስ ሰባት ዝነበርዎ ርክብ ርሕቀቱ ዝሓለወ'ዩ። በዚ ምኽንያት፡ ዝምድናታት ኣብ ምፍጣር ኣዝዮም ይሽገሩ'ዮም። ወዲ ሰብ ብባህሪ ምስ ሰባት ናይ ምሕዋስ ሓያል ወሸጣዊ ድርኺት ኣለዎ። በዚ'ዩ ድማ ካብ ሰባት ምስ ዝንጸል ንኣካላውን ንስነ ኣእምሮኣውን ሕማማት ቀሊዕ ወይ ተኣፋፊ ዝኸውን።

ብሰንኪ ከይብሉኒ ምባል ምስ ሰብ ምሕዋስ፡ ካብ ክትሰርሖ ዝግባእካ ስራሕ ብምብኳር ንድሕሪት ኣይትጉተት። ጌጋ ዝያዳ መምሃሪ ምኳኑ ኣሚንካ ስክፍታኻ ከተወግዶ ፈትን። ንሰብሻ ካብ ምንቃፍ ተቖጠብ። ንኣእምሮኻ ብሃጽትን እወታውያንን ሓሳባት ክትመልኦ እንተ ክኢልካ፡ ናይ ከይብሉኒ ባህርያት ኣይተማዕብልን ኢኻ።

- ዓቕምኻ ዘይምፍላጥ፦ ፍልጠት ሓይሊ'ዩ። እዚ ክንበልክ ከለና እምበኣር፡ ብብዙሕ መንገድታት ክንትንትኖ ንኽእል። ፍልጠት ብብዙሕ መንገዲ ክርከብ ይኽእል እዩ። እቲ ቀንድን መተካእታ ዘይብሉን ምንጪ ፍልጠት ግን፡ ምንባብ እዩ። ብመገዲ ንባብ ምስ ዝተፈላለዩ ፈላጣትን ጸሓፍትን ትራኸብ፡ ብመንገዲ ምንባብ ኣተሓሳስባን ፍልጠትን ናይ'ዞም ሊቃውንቲ ትረኽብ። ንሳቶም ንዓመታት ጸዒሮም ዘቐረብዎ ፍልጠት ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት ብዘደንቕ ቅልጣፈ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ተእትዎ። ስለዚ፡ ፍልጠት ምድላብ ኣብ ሎሚ ካብ ሎሚ ድማ ኣብዚ ሰዓት እዚ ንፈልጦ። እቲ ምንታይ መጺኡና ኣብ ሎሚ ስለ ዝምርኮስ።

## ከልቢ ብምንባሕ ኣቢሉ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ



ደቂ ሰብ ካብ ካልኦት እንስሳታት ዝፍልየና ነጥቢ፡ ስርዓት ሓንጎልና ዝያዳኦም ዝማዕበለ ብምዃኑ'ዩ። ከም ወጽኢት ናይዚ ድማ፡ ንነገራት ብግቡእ ክንርድኦ ከስተማቕር ዘኽእል ብልሒ ዝተዓደለና ፍጡራት ኢና። ከም ሰብ ዝማዕበለ ሚዛን ኣተሓሳስባ ዋላ ኣይሃልዎም፡ ንዝተፈላለየ ነገራት ክርድኡ ዝኽእሉ ካልኦት ዓይነታት እንስሳታት'ውን ኣለዉ። ከልቢ ድማ ሓደ ካብኣቶም እዩ። ቀዳማይ ፈታዊ ሰብ ዝኾነ ከልቢ፡ በለሕቲ ተባሂሎም ካብ ዝጥቀሱ እንስሳታት'ዩ። እቶም በለሕቲ ኣኽላባት ልዕሊ 1000 ቃላት ከጽንዑ ከም ዝኽእሉ መጽናዕትታት ይገልጹ።

እታ ዝበዝሑ ኣኽላባት እትውንን ሃገር ኣመሪካ ኮይና፡ ልዕሊ 70 ሚልዮን ኣኽላባት ኣለዉዋ። ብራዚልን ቻይናን ድማ ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ተቐሚጠን ይርከባ። ከልቢ ንኣሽሓት ዓመታት እሙን ዓርኪ ሰብ ኮይኑ ዝጸንሐ፡ ክሳብ'ዚ እዋን ዝቐጸለ ዘሎን ዘቤታዊ እንስሳ'ዩ። ካብ ካልኦት እንስሳታት ብፍሉይ ዝጠምቶ ድማ፡ ዝነብሕ ምዃኑ'ዩ። እናነብሐካ ጎረሮኻ ምስራል ንኸልቢ ባህታ ዝፈጥረሉ ልምዲ ምዃኑ'ዩ ዝግለጽ። ካብዚ ሓሊፉ ምንባሕ ቀንዲ መረዳድኢ ቛንቛ ኣኽላባት ምዃኑ'ውን ይፍለጥ። ንኣብነት፡ ሓደ ከልቢ መግቢ ምስ ተዋህቦ እናበልዐ ዝነብሕ እንተ ኾይኑ፡ ጠምዩ ከም ዘሎ ዝሕብር'ዩ። ካልኦት ሰባት ወይ እንስሳታት ኣብ ጥቓኡ ምስ ዝህልዉ ዝነብሕ እንተ ኾይኑ ግን፡ ንሱ'ዩ ናብኡ ከይቀርቡ፡ እንተ ቀሪቦም ከኣ ከጥቅዕኦም ምዃኑ መጠንቀቕታ ንምሃብ'ዩ። ከልቢ፡ ዋናኡ ኣብ ዝምገበሉ እዋን ንዕኡ'ውን መግቢ ዝቐርበሉ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ መግቢ ዝወሃቦ ሰዓታት ስለ ዘጽንዕ ኣብ ሰዓቱ ባዕሉ ብምንባሕ መግቢ ክወሃቦ ይሓትት'ዩ። ክጠሚ እንከሎ'ን ዘይፈልጦ ሰብ (ጋሻ) ርእዩን ዘሰምዖ ድምጺታት ይፈላለ'ዩ። ከልቢ ኣብ መግቢ ዘለዎ ተገዳስነት ፍሉይ'ዩ። ዝኾነ ዝበልዖ ነገር እንተ ተደርበዩሉ ዘርእዮ ፍጥነት ኣቀላልባ ንተገዳስነቱ ዘንጸባርቕ'ዩ። ንመግቢ ብኸመይ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣእቲዩ ይጥቀመሉ፡ ልምዲ ናይ ዝኾነ ከልቢ'ዩ። ከልቢ ዝነብሕ ኣቓልቦ ሰባት ንምስሓብ'ዩ። ስለዚ፡ ከልቢ ምስ ዝነብሕ፡ ድምጺ ኣናብሓኡ ብምልላይ ከመሓላልፎ ዝደለየ መልእኽቲ ክንርድኦ ንኽእል ኢና።

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

| | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ባ | ስ | ካ | | ገ | መ | ል | | ቡ | ን | ባ |
| ረ | | እ | ም | ነ | ት | | ፈ | ን | ጠ | ር |
| ን | ባ | ብ | | ት | ረ | | ረ | | ር | |
| ቱ | ባ | | ኣ | | ብ | ር | ስ | ን | | ሰ |
| | | ወ | ር | ሒ | | ሃ | | እ | ቶ | ን |
| | ሰ | ስ | ሓ | | ገ | ጽ | | ሸ | ም | ዓ |
| ዊ | ን | | ወ | ሰ | ደ | | ሕ | ቶ | | |
| ን | ብ | ር | | | ደ | ብ | ል | | መ | ጸ |
| ታ | ራ | | ወ | ኒ | | ት | በ | ል | ጽ | |
| | ት | ግ | ረ | | ግ | ብ | ት | | ሓ | ዊ |
| ቻ | | መ | | ዑ | ደ | ት | | ሓ | ፍ | |

# ኣጽዋር - ምርቓን መርገምን ደቂ-ሰብ

እያብል ጸሃየ
(ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ)

(8ይ ክፋል)

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከም እተገለጸ፡ ኣብ እዋን ቀዳማይ ኩናት ዓለም፡ ብዙሓት ናይ ብሕቲ ትካላት መፍረ ኣጽዋር ንክልተኦም ተዋጋእቲ ወገናት ፍርያቶም እናሸጡ መኽሰብ የካዕብቱ ምንባሮም ኣብ ሰነዳት ታሪኽ ሰፊሩ ዘሎ'ዩ። እንተኾነ እዚ ኣካይዳዚ ድሕሪ ምዝዛም ቀዳማይ ኩናት ዓለም ንወነንቲ ኢንዱስትሪ ኣጽዋር ዋጋ ኣኽፊሉዎም እዩ።

ነቲ ዝተኻየደ ኣዕናዊ ኩናት ብወግዒ ንምድምዳም ብ1919 ኣብ ፓሪስ ኣብ ዝተገብረ ርክብ፡ ሰላም ንኽሰፍን ተራ ናይቶም ሰብ ረብሓ ዝኾኑ ነጋዶ ኣጽዋር መጽቲኢ ክግበረሉ ሰፊሕ ልዝብ ተኻየደ። ብድሕሪዚ ዕመር ዕዳጋ ነጋዶ ኣጽዋር ባይታ ዘበጡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጉዳይ ተሓታትነት ተወሲኹዎ ኢንዱስትሪ ኣጽዋር ከንቀልቀል ጀመረ። ወነንቲ ናይቲ ኢንዱስትሪ ንስለ ረብሓኦም ክብሉ ኣብዚ ፈታኒ እዋን'ዚ ዘይገበሩዎ ኣይነበረን። ብፍላይ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ነቲ መንግስቲ ሓዙዎ ዝበረ ትርር ዝበለ ኣጠማምታ ክምክቱ "ሰብ እዩ ንሰብ ዝቐትል ኣጽዋር ኣይኮነን" እናበሉ ብምምጓት ምስሉም ከስተኻኽሉ ተንቀሳቒሶሙ። ይኹን'ምበር ቁጠባዊ ውድቀት ናይ 1930'ታት ተወሲኹዎ ሓፈሻዊ ርእይቶ ህዝቢ ኣብቲ ጉዳይ ኣንጻሮም ዝቆንጠዩ ዝበረ። ዝሕተም መጻሕፍቲ፡ ዝዘርጋሕ ትሕዝቶ መራኸቢ ብዙሓን ንዓኦም ዝወቕዕ ነበረ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት እናሃለዉ ግን ካብቲ ዝበሩዎ ድርኩኺት ውድቀት ዘድሕን ንኣጉዳሉዮም ዘበሊ ኣጋጣሚ ኣብ ኤውሮጳ ተኸስተ። ብኣዶልፍ ሂትለር ዝምራሕ ስርዓት ናዚ ኣብ ጀርመን ስልጣን ድሕሪ ምጭባጡ ኣብ ኤውሮጳ ሓደሽ ወተሃደራዊ ምዕባለታት ተራእየ። ጀርመን ነቲ ኣብ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ዘጋጠማ ውድቀት ከተሕዊ ዳግማይ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ትንሳኤ ምጉባራ ዘቐሰነ ኣይነበረን። እዚ ድማ ብቐጥታ ናብ ሓደሽ ቅድድም ሸመት ኣጽዋር መርሐ።

ምውላዕ ካልኣይ ኩናት ዓለም ንኢንዱስትሪ ኣጽዋር ካብ ኣፈፌት ውድቀት ኣድሒኑዎ ጥራይ ዘይኮነ እንደገና ከም ዝውለድ እዩ ገይሩዎ። ተጠላቢት ፍርያቶም ብቐጻሊ ምዕባዩ ሓደ ረቛሒ ኮይኑ፣ ምኽንያት ትንሳኤን ዳግመ-ምውላድን ናይቲ ኢንዱስትሪ ግን ካልእ'ዚ ዝኸበደ እዩ። ቀዳማይ ካልኣይ ኩናት ዓለም ርእሰን ክኢለን ፍርያተን ከም ዝማሰላ ንዘኾኑ ዓዲ ዝሸጣ ዝበራ ኩባንያታት፣ ድሕሪቲ እዋን'ቲ፡ ምስ መንግስታት ሃገራተን ዘለወን ምትእስሳር ብዘደንቕ ኣገባብ ማዕበሉ። ትካላት መፍረ ኣጽዋር ካብ መንግስታተን ዝተቐመጠ ደገፍ ክረኽባ ተራእየ። በዚ ድማ እቲ ጸላኢ፡ መንግስቲ ምስተን ናይ ብሕቲ ትካላት ዝዋስኣሉ ዓውዲ ተቐየረ። ኣብ ኣመሪካ ንኣብነት እቲ ዝበረ ኣብ ኩናት ወገን ናይ ዘይምሓዝ መርገጺ ተሰሪዙ፣ ንሓይልታት ኪዳን ንምዕጣቕ ዘኽእል ናይ ልቓሕ ድንጋገ (Lend-Lease Act) ምስ ጸደቐ፣ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኣመሪካን ትካላት መፍረ ኣጽዋር ናይታ ሃገርን ዝበረ ርክብ ብዘርም ኣገባብ ተርጐወ። ምውላድ መርበብ ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪ (military industrial complex) ናይታ ሃገር'ውን ኣብዚ እዩ ጀሚሩ ክበሃል ይከኣል። መንግስቲ ኣመሪካ ንኢንዱስትሪ ኣጽዋር ሃገሩ ዝበሮ ፋይናንሳዊ ምውሳ ቀረብ ጥረ ነገራት፡ ደገፍ ዓቕሚ ሰብን ክጽዑ ዝዘርጋሕ መንግስታዊ ሓገዛትን ንምዕባለ ናይ'ቲ ዓውዲ ዓቢ ኣስተዋጽኦ እዩ ገይሩ።

ብደረጃ ዓለም ኣብ ብዙሓት ሃገራት እቲ ኢንዱስትሪ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝረኸቦ ዝበረ ደገፍ ብዝበዚሕ መንገዲ ክግለጽ ይከኣል። ምወላ ወተሃደራዊ ምርምርን ምዕባለን፡ ሓደ ካብቲ ተጠቃሲ ደገፋት ኮይኑ፣ ምሁራዊ ዓቕሚ ሰብ ኣብቲ ዓውዲ ብምኽታት መንግስታት ዝበሩዎ ኣስተዋጽኦ ዓቢ እዩ ነይሩ። እቲ ዝበረ ወተሃደራዊ ምርምርን ምዕባለን፡ ንወተሃደራዊ ምዕባለ ንቕድሚት ክውንጭፍ እንከሎ ንሲቪላዊ ኣገልግሎት ዝኸውን ምህዞታት'ውን ወሊዱ እዩ። በዚ ኣገባብዚ፡ መንግስታት ኣብ ዘጣጥሑዎ ባይታ ክፈጥፍ ዕድል ዝረኸበ ኢንዱስትሪ ዝበሩ ወገንቲ ትካላት ኣጽዋር ድማ ምስሎም ተስተኻኺሉ "ናይ ሃገራዊ ድሕነት መኻርኽቲ" ተባሂሎሙ። እቲ ዘፍርዩዎ ኣጽዋር፡ "ሰላም ዓለም ይዘርግ ኣሎ" ኣቕዲሙ ከምዝይተባህለ፣ ድሕሪ'ቲ እዋን'ቲ "ኣውሓሰን መሳርሕን ሰላም እዩ" ተባሂሉ። በዚ ኣገባብ ትካላት መፍረ ኣጽዋር ስትራተጂያዊ ትካላት ናይ ሃገራት ኮኑ።

ምስ ምውላዕ ካልኣይ ኩናት ዓለም መንግስታት ቀንዲ ተዋሳእቲ ኢንዱስትሪ ኣጽዋር ብምዃኖም፣ ዝሰዓበ ካልእ ታሪኻዊ ምዕባለታት ብዝበዚሕ መንገዲ ተጻልዩ እዩ። ብፍላይ እታ ንሓይልታት ኪዳን በዚ ናይ ሕጂ መጠን ክሱብ 700 በልዮን ዶላር ዝበጽሕ ዝተፈላለየ ደገፍ ዝለበት ኣመሪካ፣ ንኢንዱስትሪ ኣጽዋር ሃገራ ኣማእዚና ቀረብ ኣጽዋር ከተውሕስ ብምኽኣላ ንመልክዕ ታሪኽ ናብ ዝምእምኣ ኣንፈት ኣቐኒዓቶ እያ። ንዝሰዓበ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማሲያውን ካልእን ዕብለላ ባይታ ከተንጽፍ ዘኽኣለ'ዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ናብ ልዕሊ 30 ሃገራት ከባቢ 637,000 ተሽከርከርቲ፡ 30,900 ነፈርቲ፡ 26,900 ታንክታት ካብ ኣመሪካ ክለኣኻ እንከለዋ፣ ዚ ግዙፍ መጠን መሳርሒታት ንምጽጋን ይኹን ካልእ ኣገልግሎት ንምሃብ ተባሂሉ ኣመሪካውያን ንዝቖጸለ ኣጽዋር፡ ኣብ ግዜ ሰላም ምናልባት 50 ዓመታት ክወስደሉ ዝኽእል ዝበረ ርቀት ኣብ ውሽጢ ሓደት ዓመታት ክበጽሖን ዓቢ ቴክኖሎጂያዊ ዝላ ክገብርን ክኣሉ።

ብተወሳኺ ኣገባብ መፍረ ጥራይ ዘይኮነ ኣገባብ መሸጣ ኣጽዋር'ውን ተቐይሩ እዩ። ኣብቲ ዝበረ ኩናት መንግስታት ባዕላቶም ዋና ዓማዊል ናይቲ ዝፈሪ ንዋት ብምዃኖም ናይ ዕድጊ ኣገባብ ተለወጠ። ከይተሸጠ ዝተርፍ ብዘይምንባሩ ዓቢ ናይ መኽሰብ ረቛሒ ኮነ። ቅድሚ እቲ እዋን ነጋዶ ኣጽዋር፡ ካብ ሓደ ናብቲ ካልእ እናተመላለሱ ዝተፈላለየ ሜላ ንግዲ ተጠቒሞም ፍርያቶም ዘዕርዩ ዝበሩ፣ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ግን ንግዲ ኣጽዋር መንግስታት ኢዶም ዝሕውሱሉ ኣካል ናይ ሃገራዊ ድሕነት ስትራተጂ እዩ ኮይኑ። እቶም ቅድሚ ካልኣይ ኩናት ዓለም ሰሞም ተበሊሉ "ናይ ሞት ነጋዶ" እናተባህሉ ዝጸውዑ 10'ታት ዓመታት ነቲ ዓውዲ ብሒቶሞ እዮም። እዚ ማሰረት ናይዚ ሎሚ ዘሎ ኣመሪካ እትዕብልሎ ዓለማዊ ንግዲ ኣጽዋር ኮይኑ፣ ዳርጋ ፍርቂ ናይቲ ሎሚ ኣብ ዓለም ዝግበር መሸጣ ኣጽዋር ስለምንታይ ብኣመሪካ ከም እተባሕተ ንኽንርድኦ ዝሕግዝ እዩ።

ብዘይካ'ዚ እቲ ካብ 1945 ጀሚሩ ንዓለም ዘሰለየ ብኣመሪካ ዝተኣደፈ ዓለማዊ ቁጠባዊ መዋቕር'ውን እንተኾነ መሰረቱ እቲ ንሓይልታት ኪዳን ንምዕጣቕ ዘኽኣለ ናይ ልቓሕ ድንጋገ (Lend-Lease) እዩ። ዓንቀጽ 7 ናይቲ ውዕል፣ ልቓሕ ዝተቐበላ ሃገራት ሊበራላዊ ስርዓተ ቁጠባ ክኽተላ ዘገድድ ኮይኑ፡ ፍርያት ኣመሪካ ክፉት ዕዳጋ ንምርካብ ንከም ብዓል ዓለማዊ ባንክን ዓለማዊ ማዕከን ገንዘብን ዝኣመሰለ ፋይናንስያዊ ትካላት ንኽምስረታ ባይታ ዘንጸፈ'ውን እዩ ነይሩ። በዚ መንገዲ'ዚ ኣጽዋር ንሃገራዊ ድሕነት ሃገራት ኣብ ቅድመ ግንባር ጥራይ ዘይኮነ ብብዙሕ ካልእ መንገዲ'ውን ከም ዘገልግል ክኸውን ከኣለ። እቲ ዓውዲ ቀንዲ መሳርሒ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ሃገራት ክኸውን እንከሎ፡ ከም ኢንዱስትሪ'ውን ምስ መንግስታት ተወሃሂዱ ዘይድረፈር ሓያል ኢንዱስትሪ ክኸውን ከኣለ።

ኢንዱስትሪ ኣጽዋር ወይ ብልሙድ ኣጸዋውዓ 'መርበብ ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪ' (military industrial complex) ናይ ሃገራት፡ ከም ኣምር ኣብቲ እዋን ዝዘከረ ኮይኑ፡ ብሰለስተ ኣዕኑድ ዝቖመ እዩ። እዚ ቅልል ብዝበለ ኣገላልጻ ኣብ መንጎ መዋለ፡ ኣፍረዩን ኣህላኽን ብዘሎ ዝምድና ዝተመስረተ እዩ ክበሃል ይከኣል። መንግስታት ሃገራት መወልቲ ክኾኑ እንከለዉ፣ ትካላት መፍረ ኣጽዋር ከም ኣፍረይቲ፣ ሰራዊት ድማ ኣህለኽቲ ብምዃን መርበብ ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪ የቖሙ። እዞም ሰለስተ ኣካላት፣ ሓደ ብዘይ እቲ ካልእ ዘይሰሩ ተመላላእቲ ክፋል ሓደ ዓንኬል እዮም። መንግስቲ ካብ ሃብቲ ሃገር ባጀት ክጽድቕ እንከሎ፣ እተን ግዙፍ መጠን ገንዘብ ዝተበጀተለን ትካላት፡ መፍረ ኣጽዋር ነቲ ገንዘብ ተጠቒመን ቀሊል ዘይበሃል ናይ ስራሕ ዕድል ይፈጥራን ብቐንዱ ንሰራዊት ሃገረን ወይ'ውን ንመሸጣ ዝኸውን ኣጽዋር የፍርያ። እቲ ፍርያት እናተቐበለ ዝህልኽ ሰራዊት ድማ ድሕነት ሃገር ኣብ ምሕላው ዘድሊ ጠለባት እናቕረበ ነቲ ዝምድናታት የማእዝኖ።

እዚ ዓንኬል ዝምድናታት'ዚ ምስ ግዜን ኩነታትን ዝምድናኡ እናተረረ፡ ናህሪ ንጥፈታቱ እናፈጠነ ሽፈነ ጽልዋኡ ድማ እናሰፈሐ እዩ ከይዱ። ከም ኣብነት መርበብ ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምስ እንድህስስ፣ ዋላ'ኳ ኣብ ፈለማ 1960'ታት ሰፊሕ ሰክፍታታት ኣንጸላልዩዎ እንተነበረ፡ ምስ ግዜ ክትርንዕ እምበር ክድረት ኣይተራእየን። እቲ ምኽንያት ብብዙሕ መንገዲ ክግለጽ ይከኣል'ዩ። መንግስቲ ኣመሪካ ብመንገዲ ባይቶ ሃገሩ ባጀት ክጸድቕ እንከሎ፡ ዋሕስ ሃገራዊ ድሕነት ክኸውን ናይ ሸቕለት ዕድላት ብምፍጣር ቁጠባዊ ረብሓ ንምፍጣርን እዩ። ዝ ዕማም'ዚ ዘተግብራ ከም 'ሎክሂድ ማርቲን'ን 'ቦይንግ'ን ዝኣመሰላ ትካላት መፍረ ኣጽዋር ድማ፡ ባጀት ተቐቢለን ብቐዕ ፍርያተን ንሰራዊት ኣመሪካ ወይ ብኣፍልጦ መንግስቲ ንካልእ ኣብ ዝሸጣሉ ኣታዊ ምግሓጥ እዩ ዕላማአን። እቲ ንጠለባት እናማእከለ ዝበዝሐ ፍርያት ዘህልኽ ሰራዊት ድማ ድሕነት ሃገር ምውሓስ እዩ ድርኺቱ። እዚ ናይዞም ተመላላእቲ ኣካላት ዝተወሳሰበ ድርኺታት ነቲ ዓንኬላዊ ዝምድና ብስጥመት ክዘውር የኽእሎ።

መፍረ F35 ዝዓይነቱ ዘመናዊት ናይ ውግእ ነፈርቲ ከም ኣብነት ምስ እንወስድ፣ ኩባንያ መፍረ ኣጽዋር 'ሎክሂድ ማርቲን' ነዛ ዝተራቐቐት ነፈርቲ ምምዕባል ክጅምር እንከሎ መስርሕ ፍርያታ ኣብ 48 ክፍለ ሃገራት ኣመሪካ ከም ዝካየድ እዩ ገይሩ። በዚ መንገዲ'ዚ ዝጠዓሙ ኣባላት ባይቶ ኣመሪካ ንስለ ሃገራዊ ድሕነት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ግዝኣ ዝውክሉዎ ክፍለ ሃገር ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጥር ብምዃኑ ባጀት ክጽድቑ'ዮም ወሲኖም። ሰራዊት ኣመሪካ ብወገኑ ንምዕባለ'ዛ ነፈርቲ ካልኣይ ዘይብሉ ኣማራጺ ገይሩ ብምቕማጡ F35 ብኣዝዩ ልዑል ወጻኢታት መስርሕ ምዕባለኣ ተዛዚሙ፡ ናብ መሳርዕ ኣጽዋሩ ክጽንበራ ክኣለ። እዚ ኣብ መንጎ ትካላት መፍረ ኣጽዋር፡ ፖለቲከኛታትን ሃገራዊ ሰራዊትን ዝሎ ቀለቤት ዝርኢ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ግን ንመርበብ ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪ ኣመሪካ፡ ዘይርእ ሞተር ኮይኑ ዝቕልሶ ካልእ ረቛሒ ኣሎ። ባህሪ ናይቲ ዓውዲ ንወሰንቲ ኣካላት ሰራዊት ተቛደስቲ ናይቲ ትካላት መፍረ ኣጽዋር ዘካዕብትኦ ሃብቲ ዝጉብርን ናይ ወትህደርና ዕማም ድሕሪ ምውዳእም ኣባላት ናይተን ትካላት ክኾኑ ዘኽእል ኣካይዳ ስለ ዘኽተላን እዩ። እዚ ናይ ረብሓ ምትእስሳራት ንፖለቲከኛታት'ውን ብመንገዲ ኣማላድቲ (lobbyists) ዘረኻኽብሎም ብምዃኑ፣ ድምር ቁጠባዊ ረብሓ፡ ፖለቲካዊ መኽሰብን ሃገራዊ ድሕነትን ነቲ ዕዑ ዕብየትን ናህርን ክወስኽ ኣኽኢሉዎ እዩ። ደረት ጽልዋ ናይዚ ኢንዱስትሪ ኣብ መላእ ዓለም ዝተዘርገሐ ብምዃኑ ዕብየቱ ዃ ይወስኽ እዩ ዘሎ።

ንኣመሪካ ሰዓቢን ዝሰርዓ ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪ ሃገራተን ኣማዕቢለን ሃገራዊ ድሕነተን ንምውሓስ ዝቃለሳ ዘለዋ ሃገራት ብቑጽሪ ውሑዳት ኣይኮናን። ኢንዱስትሪ መፍረ ኣጽዋር ሩሲያ እንተርኢናዮ መሰረቱ ናይ ቅድም ሕብረት ሶቭየት ኮይኑ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ብምወላ መንግስቲ ተወዳዳሪ ፍርያት እዩ ዘቕርብ ነይሩ። ዋላ'ኳ ምስ ምብትታን ሕብረት ሶቭየት ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ወዲቑ ይኸውን፣ ድሕሪ ምምጻእ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ኩባንያታት ኣጽዋር ተጠርኒፈን ብምጉልባተን ሎሚ እቲ ኢንዱስትሪ ንሃገራዊ ድሕነት ሩሲያ ዋልታ ኮይኑ ይርከብ። ጉዕዞ ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪ ኣጽዋር ቻይና እንተርኢናዮ'ውን ፈለማ ምስ ሕብረት ሶቭየት ተኻዚኑዙ እግሪ ድሕሪ ምትካሉ፡ ብዙሕ ማሰናኽል ሰጊሩ፡ ምስ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ቻይና ተተሓሒዙ ኣብ ዝበረኸ ደረጃ ይርከብ። ንምዕባለ ናይቲ ዓውዲ ተባሂሉ ኣብታ ሃገር ዝፍቀድ ዝኾነ ዳህሳስን ምርምርን፡ እንተላይ ናይ ውልቂ ትካላት ዘካይድኦ ቴክኖሎጂያውን ሰፍልጠታውን ርኽበታት ብቐጥታ ንወተሃደራዊ ኢንዱስትሪ ናይታ ሃገር ከም ዝርከበን ከም ዝጥቀመሉን እዩ ዝገበር። ከም ወጽኢት ናይዚ ምትሕንፋጽ ሲቪላውን ወተሃደራውን ጸላታት፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ቻይና ብምዕባለ ልዕሊ ድምጺ ዝውንጨፍ ሚሳይል ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትርከብ። ኣብ ዓውድታት ሰብኣልቦ ናይ ባሕርን ኣየርን መሳርሒታት፡ ምዕባለ ከም ጨረርን ካልእን ዘጠቓልል ኤሌክትሮኒካዊ ሜላ ውግእ፡ ንመራኸቢታት ዘገልግል ውሑስ ናይ መራኸቢታት ኳንተም ቴክኖሎጂን ካልእን ካብቲ ተጠቃሲ ምዕባለ ቻይና እዩ። ካልኦት ሃገራት'ውን ብተመሳሳሊ ኣብዚ ዓውዲ'ዚ ዝገብርኦ ዘለዋ ጎስጓስ መርኣያ ናይቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ብመፍረ ኣጽዋር ጉጅለ ርእሰኻ ናይ ምኽኣል ኣመት ወይ ርእሰ ምርካዕ ኣጽዋር እዩ።

ይቕጽል . . .








# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ውድድር ቅድድም መኪናን ሞተር ሳይክልን ተኻዪዱ

ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ
ኣብርሃም በየነ

ፋልማይ ናይ 2026 ሃገራዊ ውድድር ቅድድም መኪናን ሞተር ሳይክልን ሰንበት 22 መጋቢት ኣብ ከባቢ ቤት ገርገሽ ተኻዪዱ።



ኣብዚ ናይ ጃምላና ውድድር፡ ሓያሰቲን ጉዳይምን ተቐዳደምቲ ኣብ ዝተፈላለየ ምድባት (መካይንን ሞተር ብሽክሌታን ብደረጃ ሰሲ ተዓቂነን እየን ተኸፋፊለን) ተጻዊቶም። ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ምድባት ኣዛናዪ ጸወታ'ውን ተንጸባሪቑ።

ሸሞንተ ዙርያ ካብ ዝተሰርዓሉም ናይ 1000 ሰሲ. ጀመርቲ ተቐዳደምቲ፡ ስታርለት መኪና ሒዙ ዝበረ የውሃንስ መልኣከ፡ ካብ ፈለማ ውድድር መሪሑ ቀዳማይ ኣትዩ። ፈያት ኡኖ ዝዘወረ ባዝል ዘብሪን ናይ 1200 ሰሲ. ዝበራ ሆንዳ መኪና ሒዙ ዝተሳተፈ ስለሙን ጎይትኦምን ከኣ መድረኽ ዘደየቦም ደረጃ ሒዞም።

ኣብ ክልተ ምድብ ተኸፊሎም ግና ከኣ ብሓደ ዝጀመሩ ኣብራት ናይ 1000 ሰሲ. ተቐዳደምቲ 10 ዙርያ ሸፊኖም። ኣብ ምድብ 'ሀ' ከኣ ስርሓት ኢጣልያ ዝኾነ ፈያት ኡኖ ዝሓዙ ፍቕርም ጊጋይን ኣዳም ደበሳይን ከምኡ'ውን ፈያት 124 ዝዘወረ ፈለግ ዑቕባዝጊ ተመራሪሖም ኣትዮም።

ኣብ ምድብ 'ለ'፡ ፈያት 127 ሒዙ ዝተወዳደረ ቴድሮስ ስዩም ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ኣውቶቢያንኪን ፈያት ኡኖን ዝዘወሩ ናህም ኣብራሃምን ሚሮን ተወልደመድህንን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዞም።

ኣብ 1300 ሰሲ'ውን ክልተ ምድባት ነይሮም፣ ብበይኖም ተኸፋፊሎም ተወዳዲሮም፣ 12 ዙርያ ከኣ ተሰሪዑሎም።

ኣብ ምድብ 'ሀ'፡ ፈረንሳዊ ኩባንያ ሬናውልት ዝፍረያ 'ሬናውልት 5' መኪና ሒዙ ዝበረ የብል ርእሶም፡ ጸወታ ብኡንኡ ክመርሖ ጀሚሩ፣ መኪና ስለዝተበላሸወቶ ግን፡ ከድምዕ ኣይከኣለን፡ ካብ 1982 ጀሚረን ብጀርመናዊ ትካል ኦፔል ክስርሓ ዝጀመራ 'ኦፔል ኮርሳ' መኪና ሒዙ ዝበረ ዳኒኤል ቦኽረጼዮን ድማ ንመወዳድርቱ



በሊጹ ቀዳማይ ኣትዩ። እዛ መኪና፡ ናይ 1400 ሰሲ. እያ። ቶዮታ ኮምፓክትን ኦፔል ኮርሳን ዝዘወሩ ዓወት መሓሪን ዳዊት ማተዎስን ድማ እግሪ እግሩ ኣትዮም።

ኣብ ምድብ 'ለ'፡ ኣብዚ ውድድር ብዙሕ ግዜ ዝተዓወተ ዓወት ወልዱ፡ ቢታ ፈያት 127 መኪናኡ፡ ብኡንኡ ጸወታ ክቖልዖ ጀሚሩ፣ ንሓደ ዙርያ ብጠምጋም ብ1 ደቒቕ 14 ካልኢት እናሸፈነ ከኣ ክሳብ ናይ መወዳእታ ሜትሮታት መሪሑ። ኣብ ኢጋ መዛዘሚ ግና፡ ቮልክስዋገን ሒዙ ንዝሰዓቦ ዝበረ የውሃንስ ኣፈወርቂ ንክዕወት ጎዲፉሉ ካልኣይ ኣትዩ። 1400 ሰሲ. ዘለዋ ኦፔል ኮርሳ ሒዛ ዝበረት ቤተልሄም ፍጹም፡ ምስ ብሉጽ ናይ ምዝዋር ብቕዓት ሳልሰይቲ ኣትያ። እዛ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ዝተወዳደረት ተቐዳዳሚት፡ ሓንሳብ ኣብ ኣንጻሎ ኣንሸራቲታ እኳ እንተነበረት፡ ዳግማይ ናብ ጸወታ ተመሊሳ ንገለ ቀዲማ እያ፡ መድረኽ ደይባ።

14 ዙርያ ኣብ ዝተሰርዓሉም ናይ 1600 ሰሲ. ተቐዳደምቲ'ውን ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ተወዳዲራ። ኦፔል ኮርሳ ዝሓዘት ሰና በረኸት፡ ንገለ ዙርያታት'ውን ንጸወታ መሪሓቶ ነይራ፣ መኪና ተበላሺያታ ግና፡ ክትዛዝም ኣይከኣለትን። ብተመሳሳሊት መኪና ዝበዝሐ ዙርያ ዝመርሐ ያፌት የሴፍ ከኣ ንታ ጸወታ ተዓዊቱላ። ናይ 1300 ሰሲ. - ቶዮታ ኮሮላን ፈያት ቲፖን ዝዘወሩ ሙሴ ነጋሽን ሙልጌታ ሃይለን ሰዒቦም ኣትዮም።

ናይ 1800 ሰሲ. ተቐዳደምቲ፡ 16 ግዜ ንመወዳደሪ ቦታ ዞይሮሞ። ዓሚ ሰሪ ብልሽት መኪና ውድድር ዘይወድአ ሓበን ጎይትኦም ከኣ ቢታ ቶዮታ ኮምፓክት መኪናኡ፡ ካብ ፈለማ ብጠምጋም ንሓደ ዙርያ ብ1 ደቒቕን 6 ካልኢትን እናሸፈኑ ክሳብ ምዝዛም መሪሑ ተዓዊቱ። ቶዮታ ኮልት ዝሓዘ ሙሴ ታደሰ ሰዒቡዎ ኣትዩ። እዞም ተቐዳደምቲ፡ ናይ 1600 ሰሲ. መካይን ሒዞም ነይሮም። ካብ 1974 ጀሚረን ብጀርመናዊ ትካል ቮልክስዋገን ክፈርያ ዝጀመራ 'ቮልክስዋገን ጎልፍ' ዝዘወረ ርቢል ክብሮም ድማ፡ ፖድዮም ዘደየቦ ደረጃ ሒዙ።



18 ዙርያ ኣብ ዝተሰርዓሉም ናይ 2000 ሰሲ. ተቐዳደምቲ፡ ንዊሕ ዓመታት ዝተወዳደሩ ጉዳይም ተቐዳደምቲ ነቲ ደረጃ ሓያሰቲ ምስ ዝኾኑ ተቐዳደምቲ ሱላቢ ጸወታ ኣርእዮም።

ብሰሲ 1300 ግን ከኣ ትርቦ ዘለዋ ፈያት ኡኖ ሒዙ ዝተወዳደረ ያሬድ መዝሎ፡ ነቲ ጸወታ ዘመቀረ ተቐዳዳማይ ነይሩ፣ ክሳብ መኪና ተበላሺያቶ ዝወጽእ'ውን ምስ ናይ 2000 ሰሲ. ፈያት 124 ሒዙ ዝበረ ሊዮናርዶ ሞዲቼ እናተሓላለወ ንጸወታ ቀለሰዎ እዩ።

ድሕሪ ምውጻእ ያሬድ፡ ኢጣልያዊ ትካል ዘፍረያ ኣልፋሮመዮ 156 ሒዙ ዝበረ ምሉእብርሃን ስለሙን፡ ነቲ ፈልዩዎ ዝበረ ሊዮናርዶ ንምርካብ ኣበርቲዑ ሰሪሑ። ዙርያ ብምዝዛሙ ግና፡ ሊዮናርዶ ቀዳማይ ምሉእብርሃን ካልኣይ ኣትዮም። ንዝተረፈት ደረጃ ንምሓዝ ምስ ዩኤል ተስፋይ ሓያል ቃልሲ ዘካየደ ሬናውልት 5 ሒዙ ዝበረ ሚልኪያስ ርእሶም፡ ሳልሳይ ኣትዩ።

ብዘይካዚ፡ ሞተር ብሽክሌታ ኣብ ክልተ ምድብ ተኸፋፊሎም'ውን ተጻዊቶም። ኣብ 125 ሰሰ፡ ምሉእብርሃን ሃብተማርያም፡ ንያቆብ የማነ ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ። ኣብ 175 ሰሲ. ከኣ ያማሃ DT-175 ሞቶ ዝሓዘ - ምስጉን መሓሪ ነቶም ናቱ መወዳደርቲ ንዝዘወሩ ኤሎዲ ጎይትኦምን እምባዬ ሳሙኤልን ኣኸቲሉ ተዓዊቱ።








## ቅድድም ብሽክለታ ዙር ዞባ ማእከል ፈሊሙ

ዓመታዊ ዝካየድ ቅድድም ብሽክለታ ዙር ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ሰኑይ ብናይ ደቂ ኣንስትዮ ጸወታ ፈሊሙ።

እዚ ውድድር፡ ዝሓለፈ ዓመት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከምዝይተኻየደ ይዝከር። ሎሚ ዓመት ግና፡ ብፍሉይ ኣወዳድባ - ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ካልኣይ ሰሙን ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር ተሰሪዑ ኣሎ። ትማሊ ከኣ፡ ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ ኣብ ከባቢ ማይ ደምቱ ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ኣሰላሲለን።

ነቲ 10 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ውድድር፡



ተቐዳዳሚት ጋንታ ዒራግ ብርኽቲ ፍስሃየ ብጠምጋም ኣብ ሰዓት 39.3 ኪሎሜተር እናረገጸት፡ ብ15 ደቒቕን 15 ካልኢትን ተዓዊታትሉ። ብቐጺ ማልያ ናይ ግዜ ለቢሳ ድማ፡ ናብ ናይ ሎሚ ካልኣይ መድረኽ ክትኣቱ እያ።

ርዝና ብርሃ - ደንደን ብሸውዓተ ካልኢት ድሕሪ ካልኣይቲ፡ ኣድያም ተስፉ ካብ ጋንታ ደቡብ ብ15 ካልኢት ድሕሪ ሳልሳይቲ ኣትየን። ሰዶን ሃብቶም ካብ ሰራየር ሳዋ 20 ካልኢት፡ ኣድያም ዳዊት - ደንደን ከምኡ'ውን ብውልቃ ዝተወዳደረት ሃና ኣየለ ብተመሳሳሊ 26 ካልኢት፡ ሱዛና ፍስሃየን ሚዛን ሃብተስላሰን ካብ ጋንታ ደቡብ ብተኸታታሊ 31'ን 37'ን ካልኢት፡ ኣርሴማ ዓንደጼን - ዒራግ 37 ካልኢት፡ ናርዶስ ኣረፈ ብውልቂ ብ39 ካልኢት ድሕረን ክሳብ ራብዓይ ክሳብ 10ይ ኣትየን።

ብጋንታ፡ ደንደን ብ46 ደቒቕን 56 ካልኢትን ትመርሕ ኣላ። ጋንታ ደቡብ ሓንቲ ካልኢት፡ ሰራየር ሳዋ ድማ 30 ካልኢት ድሕረን ይስዕባ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሰሉስ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ካልኣይ መድረኽ ከሰላስል እዩ። ተቐዳደምቲ ከኣ ካብ ብሎኮ ጉዳይፍ ተበጊሰን ሰገነይቲ በጺሐን ኣብ ጉዳይፍ ዝዛዘም 113.8 ኪሎሜተር ክሸፍና እየን።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## መራሕቲ ኣመሪካን ብሪጣንያን ኣብ ጉዳይ ሆርሙዝ ዘትዮም



ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታመርን ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ጉዳይ ምኽፋት መጽበቦ ሆርሙዝ ኣመልኪቶም ብቴሌፎን ዝርርብ ከም ዘካየዱ መርበብ ሓበሬታ በበሲ ሓቢሩ።

እቲ ዝርርብ ሃናጺ ከም ዝነበረን ብጽኑዕ ቀጻሊ ከም ዝዀነ ክልቲኦም መራሕቲ ገሊጾም።

ድሕሪ እቲ ርክብ፡ ኣፈኛ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ዴቭ ፓረስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ክልቲኦም ወገናት ኣብ ህሉው ኩነታት ማእከላይ ምብራቕ ኣመልኪቶም ድሕሪ ምዝርራብ፡ ምንቅስቓስ ንግዳውያን መራኽብ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ መጽበቦ ሆርሙዝ ዳግማይ ምኽፋት ከም ዘድሊ ከም እተረዳድኡ ኣመልኪቱ።

"ኣብ ዓለማዊ ዕዳጋ ጸዓት ምርግጋእ ንምፍጣር፡ መጽበቦ ሆርሙዝ ዳግማይ ምኽፋት ኣገዳሲ ምዃኑ ተሰማሚዖም" ዝበለ እቲ ኣፈኛ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ደጊሞም ዝርርብ ከካይዱ ምዃኖም ሓቢሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኢራን መተሓላለፊ ዓበይቲ ንግዳውያን መራኽብ ንዝኾነ መጽበቦ ሆርሙዝ ክሳብ ሰለስ ኣብ ዘሎ መዓልታት እንተ ዘይከፊታቶ፡ ኣመሪካ ንመደበራት ሓይሊ ኤለክትሪክ ናይታ ሃገር ክትድብድቦ ምዃና ኣጠንቂቑ።

ኢራን ብወገና፡ ኣመሪካ ከምኡ ዓይነት መጥቃዕቲ ምስ እትፍጽም፡ ኣብ መላእ ማእከላይ ምብራቕ ንዝርከባ ትካላት ጸዓትን ትሕተ ቅርጽታት ማይን ዒላማ ዝገበረ ከቢድ መጥቃዕቲ ከም እትፍጽም ኣፍሊጣ።

ዝሓለፈ 28 ለካቲት ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ድሕሪ ምጅማረን፡ ኢራን ነቲ ኣገዳሲ መተሓላለፊ መራኽብ ዝኾነ መጽበቦ ሆርሙዝ ዓጽያቶ ከም ዘላ እዩ ዝሕበር።

## ኩባ፡ ንወራር ኣመሪካ ትዳለወሉ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንኩባ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ናይ ምእታው ሓሳብ ከም ዘለዎ ድሕሪ ምእንፋቱ፡ እታ ደሴታዊት ሃገር ካብ ዋሺንግተን ክመጽእ ንዝኽእል ወራር ንምምካት ድልውቲ ከም ዘላ፡ ምክትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ካርሎስ ፈርናንደዝ ደ ኮሰዮ ገሊጹ።

ሃገሩ ንኩባ ናይ ምቁጽጻር ጥሙሕ ከም ዘለዋ ክገልጽ ዝቐጸለ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ "ነዛ ካሪብያዊት ደሴት ከም ዝደለኹዋ ክገብራ ይኽእል እየ" ከም ዝበለ መርበብ ሓበሬታ 'ራሻ ቱደይ' ጸብጺቡ።

ፈርናንደዝ ደ ኮሰዮ ብወገኑ፡ ሰራዊት ሃገሩ ክመጽእ ንዝኽእል ወራር ይኹን መጥቃዕቲ ንምምካት ኣብ ተጠንቀቕ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ዋሽንግተን ንፕረዚደንት ሚጌል ዲያዝ-ካነል ካብ ስልጣን ንምውራድ ኣብ ዘኽእላ ስምምዕ ንምብጻሕ፡ ንግዳዊ እገዳታት ኩባ ከተቃልል ትሓስብ ከም ዘላ ወረታት ይናፈስ ከም ዘሎ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣብ ሃገሩ ክካየድ ንዘኽእል ዝኾነ ናይ ስርዓት ለውጢ ከም ዘይቅበሎ ኣፍሊጡ።

ኩባ ድሕሪ እቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ቬንዙዌላ ኒኮላስ ማዱሮ ዝፈጸመቶ ናይ ምጭዋይ ተግባራትን ምዕጋት ቀረብኣ ነዳድን ብሰንኪ ከቢድ ሕጽረት ጸዓት ተደጋጋሚ ምቁርራጽ ሓይሊ ኤሌክትሪክ የጋጥማ ምህላዉ እዩ ዝግለጽ።

ከም ሳዕቤኑ፡ ኣስታት 11 ሚልዮን ዜጋታት ናይታ ሃገር ካብ ዝሓለፈ ሰሙን ጀሚሮም ብዘይ ኣገልግሎት ሓይሊ መብራህቲ ተሪፎም ከም ዘለዉ፡ ጸብጻባት ናይታ ሃገር የመልክቱ።

## ኪም ጆንግ ኡን፡ ዳግማይ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኮይኑ ተመሪጹ

ኪም ጆንግ ኡን ፕረዚደንት ጉዳያት መንግስቲ ሰሜን ኮርያ ኮይኑ ዳግማይ ከም እተመርጸ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ትማሊ ሰኑይ ሓቢረን።



ንኪም ጆንግ ኡን ዳግማይ ኣብ መራሕነት ንምቕጻል ዝተወሰደ ውሳኔ ንናይ ኩሎም ኮርያውያን ሓበራዊ ድሌትን ባህግን ዘንጸባርቕ ምዃኑ እዩ እቲ ጸብጻብ ዘረድእ።

ካብ 2021 ኣትሒዙ ኣብ ላዕለዋይ መሪሕነት ኮሚሽን ጉዳያት መንግስቲ ናይታ ሃገር ኣባል ዝነበረት ሓብቲ ኪም ጆንግ ኡን ዝኾነት ኪም ዮ ጆንግ ግን ሕጂ ስማ ኣብ ዝርዝር ኣስማት ናይቲ ላዕለዋይ መሪሕነት ከም ዘይኣተወ ተገሊጹ።

ኪም፡ ናይቲ ኣብ 1948 ብኣቦ ሓጎኡ ኪም ኢል ሱንግ ዝተመስረተ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐ መሪሕነት፡ ሳልሳይ ወለዶ መራሒ እዩ።

ድሕሪ ሞት ኣቦኡ ኪም፡ ካብ 2011 ኣትሒዙ ነታ ሃገር ይመርሓ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

## ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናብ ሩስያ ክበጽሕ'ዩ ተባሂሉ

ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ናብ ፌደረሽን ሩስያ ምብጻሕ ከካይድ መደብ ከም ዘለዎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌይ ላቭሮቭ ገሊጹ።

ላቭሮቭ ኣብ መግለጺኡ፡ "ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ኣብ ታሕሳስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ህንዲ ምብጻሕ ኣካዪዱ ነይሩ። እዚ ድማ ንድልዳል ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ዝርኢ እዩ ነይሩ። ሕጂ ከኣ ሞዲ ኣብ ሩስያ ዑደት ክፍጽም እዩ" ኢሉ።



ላቭሮቭ ወሲኹ፡ ኣብ መንጎ ሩስያን ህንድን ንዝካየድ ዝርርብ ብዝለዓለ ደረጃ ከም ዝርእዮ ኣስሚሩሉ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ ኤስ ጃይሻንካር ብወገኑ፡ ዑደት ፕረዚደንት ፑቲን ናብ ህንዲ፡ ኣብ ምንቅስቓስ ሞያውያን ክኢላታት፡ ድሕነት ጥዕናን መግብን ከምኡ ድማ ኣብ ንግድን መራኽብ ብዙሓንን ሓድሽ እምነ መሰረት ከም ዘንጸፈ ገሊጹ።

ህንድን ሩስያን ኣብዚ እዋን ዓመታዊ ናይ 68.7 ቢልዮን ዶላር ንግዳዊ ልውውጥ የካይዳ። እዚ መጠን'ዚ፡ ኣብ 2030 ናብ 100 ቢልዮን ዶላር ንምዕባይ መደብ ከም ዘለወን ድማ እቲ ህንዳዊ ሚኒስተር ይገልጽ።

ንሱ ቀጺሉ፡ ዝኾነ ንምትግባር ብወገን ህንዲ ብዙሕ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ከም ዘድሊ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ብዓል ስልጣን "ህንዲ ናይ ጸዓት ሸቶኣ ንኸተውቅዕ ሩስያ ኣተኣማማኒት መሻርኽቲ ከም እትኾና እምነት ኣሎና" ክብል ገሊጹ።

## ስዑዲ ዓረብ፡ ዲፕሎማሰኛታት ኢራን ትሰጉግ



ስዑዲ ዓረብ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ኢራን ኣብ ልዕሊ መሬታ ዘካየደቶ መጥቃዕቲ፡ ንሓያሎ ዲፕሎማሰኛታት ኢራን ከም ዝሰጎገት ኣፍሊጣ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ስዑዲ ዓረብ ነቲ ኢራን ኣብ ልዕሊ ሃገሩን ካልኦት ሃገራት ወሽመጥ ዓረብን ተካይዶ ዘላ ቀሊዕ መጥቃዕቲ ብምኹናን'ዩ ነቲ ናይ ምብራር ስጉምቲ ወሲዱዎ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ መግለጺኡ፡ "ስዑዲ ዓረብ ብመሰረት ዓንቀጽ 51 ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ልኡላውነታ፡ ጸጥታኣ፡ ልኡላዊ ግዝኣታ፡ ከሊ ኣየራ፡ ድሕነት ዜጋታታን ሃገራዊ ረብሓታታን ንምሕላው ኩሉ ዘድሊ ስጉምትታት ክትወስድ እያ፡" ድሕሪ ምባል፡ ኢራን ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ትወስዶ ዘላ ተደጋጋሚ ወተሃደራዊ ስጉምትታት ኣብ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ከቢድ ሳዕቤን ክህሉዎ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

እቲ ሚኒስትሪ ቀጺሉ፡ "ኢራን ንኣህጉራዊ ሕግን መትከላት ሰናይ ጉርብትናን ትጥሕስ ኣላ" ክብል'ውን ከሲሱ።

ስዑዲ ዓረብ ንተሓታቲ ወተሃደራዊ ጉዳያት ኢራን ምስ ተሓጋጋዝኡን ካልኦት ሰለስተ ኣባላት ሰራሕተኛታት ኤምባሲ ናይታ ሃገርን ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ጠቕሊሎም ክወጹ ኣዚዛ ከም ዘላ'የን ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ዝሓበራ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን - ዓባስ ኣራግቺ ብወገኑ፡ ሃገሩ ኣብ ስዑዲ ንዝርከቡ ወተሃደራዊ ቦታታት ኣመሪካ ዒላማ ብምግባር፡ ነብሳ ንምክልኻል ትሰርሕ ከም ዘላ ገሊጹ።

ኢራን፡ ሃገራት ዓረብ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ ንምፍጻም መሬተን ክትጥቀመሉ ክሳብ ዝፈቕዳ ኣብ ልዕሊኣን ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጉምትታት ክቕጽል ምዃኑ ኣጠንቂቓ ኣላ።


ተረኛ ፋርማሲ — ፋርማሲ ኪዳን ምሕረት
ዕለት — 24/03/2026
ጎደና — ጎደና ሰሓርቲ 835 ቁ.115 ኩባቢ ቤት ትምህርቲ ሰምበል
ቁ.ስልኪ — 07113046
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565